# ህዝባዊ ደሞክራሲ

ኣብ ወወርሒ ዝሕተም ወግዓዊ ልሳን

ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ

(ደግሓኤ)

ቅጺ፡06 ቁ፡27 ለካቲት 2020

# ትሕዝቶ

- <u>ርእሰ-ዓንቀጽ፡</u>
- ካብ ቅልውላው ወጻኢ ክነብር ዘይክእል ስርዓት፡
- <u>ንክቡር ባህልን ስነ-ምግባርን ናይ ሕብረተና ዝብክልን ዘዕኑን ዘሎ ኣዕናዊ ስርዓት ህግደፍ ብቃልሲ ነወግድ፡</u>
- <u>ሓርበኛውን ደሞክራስውን ተራ ደቂ-ኣነስትዮ ኤርትራ ኣብ ቃልሲ፡ መተካእታ ዘይብሉ ዕማም እዩ፡</u>
- <u>ናይ ኣንበብቲ ዓምዲ፡</u>
  - "ሓሶትን ስንቅን እናሓደረ ይፎኩስ"፡
  - ሳዋ መህነጺት መንእሰይ ወለዶ'ዶስ ወይስ፡ መብረሲትን መደን ቆሪትን መንእሰይ
  - መንግስቲ ህግደፍን ደቀ-መዛምርቱ ዝኾኑ ሓይልታትን፡ ጸላእቲ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን እዮም፡

E-mail:- hidemocrasi@yahoo.com

# ርእሰ-ዓንቀጽ

## ካብ ቅልውላው ወጻኢ ክነብር ዘይክእል ስርዓት፡

ጀንዳዊ ኣመራርሓ ህዝባዊ ግንባር/ህግደፍ ከም ውድብ ድሕሪ ነጻነት ኤርትራ ብሓይሊ ብረት ኣብ ኮረሻ-ስልጣን ካብ ዝድይብ ኣትሒዙ፡ ብውሽጢ ምስ ህዝብታት ኤርትራን ታቓለስቲ ሓይልታቱን፡ ብወጻኢ ካኣ ምስ ኩሎም ጎረባብቲ ሃገራትን መንግስታትን ካብ ቀጻሊ ዅናትን ምትንኻላትን ሓደ ግዜ'ውን እንተኾነ፡ ካብ ቅልውላው ወጻኢ ብሰላም ክነብር ዝኸኣለ ስርዓት ኣይኮነን። እዚ ባህሪ እዚ ካኣ ከም ውድብ ፍጥር ካብ ዝብል ኣትሒዙ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ኤርትራን ተቓለስቲ ሓይልታቱን፡ ካብ ትምክሕታዊ ጸረ ደሞክራስያዊ ቀንጻሊ ተፈጥርኡ ተበጊሱ፡ ዝኾነ ተቓውሞ ይዕብ ይንኣስ ክጸውር ስለ ዘይክእል፡ ክቕንጽሎ ድቃስ ስኢኑ ኣብ ቅልውላው ዝነብር ዝነበረን ዘሎን እዩ።

በዚ ካኣ'ዩ ጀንዳዊ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ኣብ መድረኽ ጸረ-ባዕዳዊ ሓርነታዊ ተጋድሎ ኣካል ናይቲ ንሜዳ ኤርትራ መን በሓተ ዝካየድ ዘነበረ ናይ ስልጣን ቁርቁስ ቀንዲ ተዋሳኢ ኮይኑ፡ ኣብ ዘይሃናጺ ውድድራት ምንጽጻጋትን ዅናት-ሕድሕድን ተሸኺሉ ክሳብ መጨረሽታ ምርግጋጽ ነጻነት ኤርትራ ዝቐጸሎ። እዚ ኣብ ልዕሊ ሓርበኛዊ ብረታዊ ተጋድሎ ዘካይዱ ዝነበሩ ሓይልታት ዝካየድ ዝነበረ ናይ ቅንጸላ ተግባራት ኮይኑ፡ ብውሽጢ ንዝቃወምዎ ወልቀ-ሰባት ይኹኑ ምንቅስቓሳት፡ ዝተፈላለየ ናይ ጽለመ ኣስማት እናለጠፈ መንካዕ፡ የሚን፡ ሲኣይኤ /CIA/ ወዘተ እናበለ ንኑጽሃን ገባራት ከይተረፈ ደገፍቲ ዓማ እዮም ነይሮም ኢሉ እናኣሰረን እናቐንጸለን፡ ካብ ቅልውላው ወጻኢ ክነብር ዘይካኣለ ውድብ እዩ ነይሩ።

ሕጂ ካኣ ኣብዚ ቀረባ ግዜ" ኣመል ምስ መግነዝ" ከም ዝባሃል፡ ከም ኣመሉ ውልቀ-መላኺ ስርዓት ህግደፍ ኢሰያስ ኣፈውረቂ ኣብ ዝገበሮ ቃለ-ማሕትት ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ናይ ሃገራት ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ካኣ ብስፍሓት ናብ ኢትዮጵያ ዘነጻጸረብዘይ ሕንከት ብቅሉዕ ክኣቱ ምዃኑ እዩ ክምድር ዝተሰምዐ። ቀጺሉ እውን ኣብ ልዕሊ ጎረቤት ሪፓብሊክ ሃገር ሱዳንን፡ ሓዳስ ሃገር ደቡብ ሱዳንን ሃገር ሱማልን ዘነጻጸረ ወሽጣዊ ጉዳያቶም ኣልዒሉ ቆምጣዕጣዕ ክብል እዩ ዝሓደረ።

እቲ ዝሰፍሐ መደርኡ ኣብዚ ዞባዊ ኩነታት ዘተኮረ ይኹም'ምበር ኣብ ንሱ ክዛረበሎም ዝመረጾም ውሽጣዊ ጉዳያት'ውን ብካላኣይ ደረጃ ሰሪዑ ቀንዲ ቅልውላው ናይታ ሃገር ብሰንኪ መዕነውቲ ፖሊሲታቱ ዝተፈጥሩ ክንሶም፡ ንሱ ከም ጲላጦስ ካብዚ ውድቀት እዚ ነብሱ ከውጽእ "ውኻርስ ጻድቕ ክትመስል ዝዋዉዕ ትኣስር" ከም ዝባሃል ንሱ ተሓታቲ ክንዲ ዝኸውን፡ በኣግርሞት ሓታታይ ኮይኑ ኣብዛ ሃገር ማይ፡ ኤለትሪክ፡ ብቑዕ ዓቕሚ ባዓል ሞያ ዘይምህላዉ፡ መሳለጥያታት፡ መጓዓዝያ፡ መራኸቢታት፡ ትሕተ-ቅርጻ ብግቡእ ዘይተሰርሑ ምዃኖም፡ ተጋደልቲ ዝነብርሉ ገዛ ዘይምህላው ወዘተ ኢሉ ክምድር ንዝሰምዐ ሰብ፡ እዚ ሰብ'ዚ ጥዑይ ዲዩ ዕቡድ ኢሉ ብኣግርሞት ጥዕና የብሉን ኢሉ ዋጋ ዘይብሉ ዘረባ እዩ ኢሎም ዝሰግርዎ ብዙሓት ክኾኑ እንከለዉ፡ ገለ ውሑዳት መገባርያታቱ ካኣ ኣቲ ኣብ ሃገር ዝርአ ዘሎ ሽግራት ብግልጺ ኣቐሚጡ ድሕሪ ፩፻ ዓመታት ፍታሕ ክገብር እዩ ኢሎም ከምቲ ልሙድ ኣመሎም ከደናግሩ ዝፈተኑ'ውን ኣይተሳእኑን።

ብዝኾነ ሕጂ ንሕና ንግዚኡ ትዀረትና ንህዝቢ ኤርትራ ዳግም ኣብ ቀጻልቲ ቅልላው ዘይዛሪ ግጭት ከእትውዎ ዝኽእሉ ከቢድ ዋጋ ኣብ ከኽፍሎ ዝገብር ኣብ ጎረባብቲ ሃገራት ዝገብሮ ምትእትታው ሓደግኡን ሳዕቤኑን ኣመልኪትና ገለ ክንብል ንመርጽ። ቅድሚኡ ግን ዕላማ ናይዚ ጸረ-ህዝቢ ውልቀ መላኺ ስርዓት ኢሰያስ ኣፈወርቂ ዝገበሮ መደረ'ዚ ንምንታይ እዩ ኣብዚ ህሞት'ዚ ብከምዚ ኣገባብ እዚ ከቕርቦ ዝመረጸ ዝብል ክንምልስ ኣገዳሲ እዩ ዝመስለና። እዚ መደረ እዚ ዕላምኡ ንህዝቢ ኤርትራን ናይዚ ዞባ'ዚ ህዝብታትን መወልቲ

ናይ ግዳም ሓይልታትን ኮይኑ ንነፍስ-ወከፎም በቲ ንሱ ክጥቀመሉ ዝደሊ ቅኒት ገይሩ መልእኽቲ ከመሓላልፈሎም ስለ ዝመረጾ ዝገበሮ እዩ።

ቀዳማይ ናብ ህዝቢ ኤርትራ ዘቕነዐ ኮይኑ እዚ ዞባ'ዚ ሰላም ስኢኑ ብናይ ውሽጥን ደገን ሽግራት ብቕልውላው ይበላላዕ ምህላዉ፡ ኤርትራ ግን ሳላ ብቑዕን ውሕልሉን መሪሕነቱን፡ ዓቃል ተጻዋራይ ህዝባን ናይ ሰላም ደሴት ኮይና ምህላዋ ንህዝቢ ኤርትራ በዚ ከደዓዕስን ነቲ ኣንጻሩ ዝለዓዓል ዘሎ ተቓውሞታት ከዘሓሕልን ከም ሃገር ተስፋ ኣለና ኢሉ ክዛነን፡ ቆላሕትኡ ኣብ ክንዲ ንውሽጢ ንደገ ዝጠመተ ክኸውን ዝተሃንደሰ ናይ ፕሮፖጋንዳ ሃልኪ ኮንቱ መደረ እዩ።

ካልኣይ ነዘን ሰላመን ተዘሪጉ ኣሎ ዝበለን ሃገራት ናይዚ ዞባ'ዚ ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ካኣ ንኢትዮጵያ ካብ ናይ ጸላኢ ጸላእየይ ፈታውየይ ዝብል ናይ ፖለቲካዊ ምንዝርና መርህኡ ዝብገስ ጥራሕ ዘይኮነስ ሕቶ ብሄር ይኹን ፌደራላዊ ስርዓት-ምሕደራ ካብ ብጊሓቱ ጸረ እምነቱ ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ተኸሲቱ ዘሎ ፖለቲካዊ ኣፈላላይ ኢዱ ብምእታው እናሓማዝቖ ቆምጣዕጣዕ ክብልን፡ እንተሰለጠ ጽቡቕ፡ እንተዘይሰለጠ ካኣ ኢትዮጵያ ተበታቲና እንተተረፈት ክልቲኡ መንገዲ ንዕኡ ዘሐጉሶ ዳኣምበር ዘጕህዮ ስለ ዘይኮነ እዩ። ስለዚ እቲ ንግዚኡ'ውን እንተኾነ በዚ ክደናገር ዝኽእል ህዝቢ ኢትዮጵያ ይኹን ንግዚኡ ክጥቀምሉ ዝደልዩ ሓይልታት ትምክሕቲ ምሳኹም ክሳብ መጨረሻ ክንሞውትን ክንትንስእን ኢና ኢሉ ናይ ተኣማንነቱ መልእኽቱ ከሕልፍ ዝዓለመ እዩ።

ሳልሳይ፡ ንደገፍትን መወልትን ሃገራት ካኣ ከመቲ ቅድሚ-ሕጂ ዝተጋገኹሞ ኣይትጋገዩ፡ እዚኣም ኣይጠቕሙን እዮም፡ ሽግራቶም ክፈትሑ ብቑዓት ኣይኮኑን፡ ንሕና ኢና እንኮ-ሓይሊ ኣብዚ ዞባ'ዚ ሰላምን ምርግጋእን ዘሎናን ሽግራት ናይዚ ዞባ'ዚ ምዒድናን ደጊፍናን ከነዐርዮ እንኽእል ጎብለላት፡ ምሳና ተሓባበሩ፡ ስርሑ፡ ዝብል ምልእኽቲ ከሕልፍ ዝፈብረኾ ሲናርዮ እዩ።

ብዝኾነ እቲ ቀንዲ ዝምድረሉ ዘሎ ሕጂ ኣብዚ ዞባ'ዚ ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ካኣ ኣብ ኢትዮጵያ ኢዱ ብምትእትታው ቅልውላው ክፈጥርን፡ ንህዝብናን ናይ'ዚ ዞባ እዚ ህዝብታትን ናብ ሓደጋ ከእቱ ዝወጣዉጦ ዘሎ መሰረት ገይርና በብሓደ ሓደግኡ ክንርኢ ኣገዳሲ ይመስለና። ስርዓት ህግደፍ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ኢትዮጵያ ጠብሎቕሎቕ ምባል ሕጂ በዚ መደረ'ዚ ብቕሉዕ ወገን ፈልዩ ክትኣታቶ ምኺኑ ብወግዒ ዝገለጾ ይኹን ዳኣምበር፡ ንባዕሉ እቲ ቅድሚ ሕጂ ብኣሽሓት መንእሰያት ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘሃለቕሉ ብዶብ ኣማሳሚሱ ዝወለዮ ኲናት ልዕሊ ፍርቂ ሚልዮን ህዝቢ ካብ መረበቶምን ንብረቶምን ዛሕዛሕ ኢሎም ዝትፈናቐልሉ ኣሽሓት ዘሰንክልሉን ጠንቂ ባዕሉ ብዝገበሮ ኢድ ምትእትታውዶ ኣይኮነን እዚ ኩሉ ክሳራ ዘሰዓበ?።

ብድሕሪኡ ካኣ ምስ መሰል ርእሰ-ውሳነ ህዝብታት ኤርትራ ንናጽነቱ ዘይኣምኑ ሓይልታት ትምክሕቲ ብወታደራዊ መሳርዓቱ እናኣሰነየ ብቐጥታን ብተዘዋዋርን መንገዲ ዝገብሮ ምትንኳላት ኢድ ምትእትታው'ዶ ኣነበረን። ሰላም ምስ ኢትዮጵያ ክግበር ምርድዳእ ምስ ተገብረ ካኣ "ገይም ኦቨር ትርፍራፍ ወያነ ጸራሪግና ክንመጸኩም ኢና" ኢሉ ንተመረቕቲ ታዕሊም ሳዋ ብምግላጽ ይኹን ንዮው ነጆው እናተመላለሰ ንህውሓትን ህዝቢ ትግራይን ክሃርም ንህዝብታት ኢትዮጵየን ተቓለስቲ ሓይልታቶምን መቓቒሉ ውዲታት ብምፍሓስ ዝኸዶም ዝነበረን ዘሎን ምትንኳላት ኢድ ምትእትታው'ዶ ኣይነበሩን?፡ እዚ ሓደገኛ ንህዝብታት ዘፋልስ ኢድ-ምትእትታው'ዚ ንጠቕሚ ክልቲኡ ህዝብታትን ሃገራትን ኣይኮነን።

ኤርትራ ከም ሃገር ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብምእኩል ኣገባብ፡ እንክላይ ህዝቢ ትግራይን ህወሓትን ዘካተተ፡ ብዛዕባ ሰላም ይኹን ዝምድና ክልቲኡ ሃገራት ክትላዘብ ዘለዋ እዩ ዳኣምበር ሌላን ጉሌላን ኣናገበርካ ሕሉፍ ተጻብኦታትን ቅርሕንቲታትን በዋጋ ሃገር መዋጽኢ ጸቢብ ጉጅላዊ ረብሓታትካ ክትገብሮ ቅኑዕ ኣይኮነን። ክኹነን ዘለዎ ሸርሕታት እዩ። ብፍላይ ካኣ ንሕቶ መሰል ርእሰ-ውሳነ ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነቱ ካብ ብጊሓቱ ኣትሒዙ ክሳብ ሕጂ ኣሚኑ ዝተቓለሰሉ ኣብቲ ግዜ እቲ ኢህወደግ ይኹን ህዝብታት ኢትዮጵያ ክቕበሉዎ ኣንጻር ትምክሕትን ጸበብትን ሓይልታት ዝመከተ ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን መቓቒልካ ክትሃርም ምፍታን

ገበን መፍጸም እዩ። እዚ ዝእለም ዘሎ ሽርሕታት እዚ ካኣ፡ ልዕሊ ኩሉ ንህዝቢ ኤርትራ ዝጎድእ ኮይኑ፡ ብካልእ መልክዑ መቐጸልታ ናይቲ ንመንነትን ልኡላውነትን ህዝብታት ኤርትራ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘውድቕ ናይ ሃገራዊ ሰራዝነት ኣንፈቱ ዘጠናኽር እዩ።

ስርዓት ህግደፍ ኣብ ሃገር ይኹን ኣብዚ ዞባ'ዚ ንፍትሒ ጠጠው ዝበለ ስርዓት እንተዝኸውን ነይሩ ኣሻሪኻ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ናይ ኢትዮጵያ ኣቲኻ ጸቢብ ረብሓታትካ ክትምእርር ኣብ ክንዲ ጸፋዕፋዕ ምባል እንተተኻእሉ ብሰለማውን ደሞክራስውን ኣገባብ ኣሕዋት ኢትዮጵውያን ባዕሎም ፍልልቶም ክፈትሑ ምትብበየም፡ እንተዘይተኻኢሉ ካኣ ብስልጡን ደሞክራስዊ መንገዲ ፍልልያቶም ኣመሓዲሮም ብማዕርነት ዝነብሩላን ዘማዕብሉዋን ፌደራላዊ ስርዓት-ምሕደረኦም ዘጎልብትሉ፡ ንህዝብታት ኢትዮጵያ ሃናጺ ምኽሪ ምሃብ እዩ እቲ ቅኑዕ መርሆ ዝኸውን። ኮይኑ ግን ካብ እስትራተጂካዊ ጸላኢ ህዝብታት ኤርትራ ዝኾነ ጸረ-ህዝብን ጸረ-ደሞክራስን ጸሕታሪ ኲናት ስርዓት ህግደፍ፡ ኣብ ሎሚ በጺሑ ፈታውን ሓቀኛ መሓዛን ህዝብታት ኢትዮጵያ ክኸውን ኣይክእልን እዩ።

ስለ ዝኾነ ካኣ ከምቲ "ኣብ ዓይንኻ ዘሎ በሰር ከየውጻእካ ኣብ ዓይኒ እንዳኣማትካ ዘሎ በሰር ኩተውጽእ ኣይትፈትን" ዝብልዎ ምስላ ኣቦታት፡ ስርዓት ህግደፍ መዓልቲ-መዓልቲ ብሰንኪ መዕነዊ ፖሊሲታቱ እትበታትን ዘላ ሃገር-ኤርትራ ንባዕላ ኣብ ቀራና መንገዲ ተንጠልጢላ ንውደቀት ተሳጢሓ ዘላ ዘየድሓነስ፡ ሓላዪ ተመሲሉ ንኢትዮጵያ ከድሕን እየ ኢሉ ከወራዘ ኣየምሕረሉን እዩ። ሰማዒ እዝኒ'ውን የብሉን፤ ጓንን መደረ እዩ። ፍትሓውያን ተቓለስቲ ኤርትራውያን ይኹኑ ኢትዮጵያውያን ዝቕበሉዎ ኣይኮኑን።

ካልእ "ዝወደቐ ገረብ ምሳር ይበዝሖ" ከም ዝባሃል ስርዓት ህግደፍ ንባዕሉ ብብልሽውና ዝጠስጠሰ ስርዓት፡ ጨራ ናይ ደሞክራሲ ዘይብሉ ጭውው ዝበለ ቶታሊታርዊ /ገባቲ/ ስርዓት ክነሱ ክንድቲ ኣብ ሱዳን ኣብ ትሕቲ ስርዓት ኣልበሽር ዝነበረ፡ ዝተወሰነ ናይ ምዝራብ፡ ምጽሓፍ ናይ ሰልፍታትን ሰቪክ ማሕበራትን ዘፍቅድ ባይታ ዝነበሮ፡ ክንድኡ ዘይነበሮን ዘይብሉን ክንሱ ሎሚ ተሓላቒ ህዝብታት ሱዳን ኮይኑ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያቶም ክተኣታቶ ኣየምሕረሉን እዩ።

ሕሉፍ ስርዓት ኣልበሽር ብብልሽውና ዝጠስጠሰ እስላማዊ ስርዓት እዩ ነይሩ ኢሉ ኣብ ቃለ-ማሕተቱ ክምድር ንሱኸ መን ኮይኑ እዩ ከምኡ ዝብል? ኣብ ሕሉፍ ጉዕዞ ስርዓት ኣልበሽር ኢሰያስ ብክልተ ብልሒ፡ ብሓደ ሸነኽ ካሮት፡ ባሓደ ሸነኽ በትሪ /ካሮት ኤንድ ስቲክ/ ማከቬላዊ ሜላ ተጠቒሙ፡ ብሓደ ሸነኽ ኢድ ብምትእትታው ከፈራርሕ እንከሎ፡ በቲ ካልእ ገጽ ካኣ ሰላማዊ መሓዛ መሲሉ ብዋጋ ክልቲኡ ህዝብታት እናነገደ፡ ኑዳድን እኽልን ብናጻ እናተጠቕመ ከም ዘይኣሕለፎ፡ ኣብ ሎሚ በጺሑ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያቶም ኣትዩ ክዕረ ነርዎ ኢሉ እንተተወራዘየ መን እዩ ዝኣምኖ። እዚ መዕነዊ ኢድ ምትእትታው ኣካይዳ እዚ ካኣ ንህዝቢ ኤርትራ ሕጂ'ውን መመሊሱ ክጎድኦ እንተዘይኮይኑ ዝጠቕሞ ኣይኮነን።

ካልእ ኣብዚ ዞባ'ዚ ካብ ዝተንከፈን ሃገራት ብ2011 በከቢድ መስዋእቲ ደቃ ብሪፈረንዱም 99% ድምጺ ብምርካብ መሰል ርእሰ-ውሳኔኡ ንናጽነት ዝተጎናጸፈ ደቡብ ሱዳን ነጻ ሃገር ክትከውን ኣይነበራን፡ ጌጋ እዩ ኢሉ ዝመደሮ ብጣዕሚ ዘደንጹን ዘሕንኽን እዩ። እዚ ካኣ ነቲ ጸረ-ህዝብን ጸረ-ደሞክራስን ባህሪኡ ቁልጭ ኢሉ ክቃላዕ ዝገበሮ ናይ ገዛእቲ ደርብታት ብትምክሕቲ ዘተላዕጠጡ ቀንጸልቲ ስርዓታት ናይ ድሕረት ኣተሓሳስባታት መንጸብረቕታ እዩ። ደቡብ ሱዳን ብውሽጣዊ ጎንጺታታ እትሕመስ ዘላ ከይኣኽላ፡ ሕጂ'ውን እቶም ገዛእቲ ዝነበሩ፡ ጨቆንቲ ስርዓታት በቲ ኢሰያስ ናጽነታ ክትረክብ ኣይነበራን ዝበሎ፡ እንደገና ብሓይሊ ክንብጡዋ ዘደፋፍእን፡ ዳግማይ ክዳመዩ ዝገብር፡ ሓደገኛ መርዛም ሽርሕን ኢድ-ምትእትታውን እዩ።

ጎረባብቲ ሃገራት ይኹና ሕብረተ-ሰብ ዓለም፡ ውሽጣዊ ሽግራቶም ኣብ ምፍታሕ ከምዚ ኢሰያስ ዝምድሮ ዘሎ ብዙሕ ዋጋ ንዝኸፈልሉ ፍትሓዊ ሕቶኦም፡ ተስፋ ቆሪጾም ከዋድቕዎ ኢድ-ምትእትታው ክግበረሎም ዘይኮነስ፡ ብፍትሓውን ደሞክራስያውን መንገዲ ምሉእ ፍታሕ ክሳብ ዝረክብ ብዘይምቁራጽ ብቐጻሊ ኣብ ጎደና ሰላምን ደሞክራስን ምዕባለን ክምርሹ ናይ ሕብረተ-ሰብ ዓለም ደገፍ ምግባር የድሊ። ብፍላይ ካኣ ብፍትሓውን

ደሞክራስያውን ኣገባብን ወሕሉል ጥበብን ከቀራራብዎም ዝኽእሉ ጎረባብቲ ሃገራት ኣብ ምሕጋዞም ኣገዳሲ ተራ ክጻወቱ ይግበኦም።

ብምሰረቱ ሕጋውን ፍትሓውን  ሕቶ ደቡብ ሱዳን፡ ደቡብ ሱዳናውያን ብዝተናወሐ ቃልሲ ብዘካየድዎ ተጋድሎ ኣብ ሱዳን ዝነበረ ገዛኢ ስርዓት ብዘጋጠሞ ከበድቲ ክሳራታት እቲ ኩናት ብሰላም ክዓርፍ፡ ንጠቕሚ ክልቲኦም ምኽኑ ቅቡል ብምግባር፡ ከምቲ ብኢህወደግ ዝምራሕ መንግስቲ ኢትዮጵያ ድሕሪ ስዕረት ደርግ ፍትሓዊ ሕቶ ህዝቢ ኤርትራ ብሰላም ክዓርፍ፡ ረብሓ ክልቲኦም ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ምኻኑ፡ ብእምነት ክሰርሕሉ ዝጸንሑ ኮይኑ ተረኣም ዝተጻወቱ፡ ናይ ሰሜንን ደቡብን ሱዳናውያን ብተመሳሳሊ እዩ መዕለቢ ረኺቡ።

ኢሰያስ ሕጂ  ንናጽነት ደቡብ ሱዳን ዘይምቕባሉ፡ እቲ ጉዳይ ናብ ዝነበሮ ክምለስ ምድላይ ስለ ዝኸውን እዚ ጎባጢ ኣተሓሳስባ'ዚ ፍትሓዊ ሕቶ ህዝቢ ኤርትራ'ውን ብጎበጥቲ ትምክሕታውን ኢትዮጵያውን ኣብ ዝነበሮ ክምለስ ካብ ምሕላንን፡ ልኡላዊት ሃገረ-ኤርትራ ክትስረዝ ካብ ምድላይን ዝተፈልየ ኣይገብሮን። ኣብ ልዕሌኻ ክፍጸም ዘይትደልዮ ኣብ ልዕሊ ካለኦት ኣይትመነዮ ዝበሃል'ውን ከምዚ ዝኣመሰለ ኣዕናዊ ኣተሓሳስባታት ናይ ደቂ-ሰባት ንምቕናዕ ዝቐረበ ስነ-ሞጎታዊ ሓቂ ምኻኑ ዝሰሓት ኣይኮነን።

ኢሰያስ ኣብ ቃለ-ማሕተቱ ንኤርትራ ምስዘን ሃገራት እዚኣተን ብምዝማድ ጥራሕ ኣይኮነን ኣነጻጺሩ ዝረኣየን ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያተን ጠብሎቕሎቕ ዝበለን። እንከላይ ንሶማል'ውን እዩ ደሪቡ ብዛዕባ ውድቀታ /ምብትታና/ ምስ ኤርትራ ኣዛሚዱ ኣብ ዘይምልከቶ ብዛዕባ ውሽጣዊ ጉዳያቶም ዝመደረ። ናይ ሶማል ምብትታን ናይ ውሽጦም ጥራሕ ዲዩ ነይሩ?  ናይ ደገ ሓይልታት ምትእትታዋት'ዶ ኣነበረን ዲዩ?። ህግደፍ ኣብ ኤርትራ ብብሄራውን ሃይማኖታውን መልክዕ ተወዲቦም፡ ንፍትሓዊ ሕቶኦም ዝቐለሱ ሓይልታት እናተጻረረ፡ ሃማኖታዊ እምነቶም ዘስተምህሩ እናዓፈነን እናጨወየን ክቕንጽሎም እንከሎ፡ ኣብ ሶማል ብሽሪዓ ዝመራሕ  እስላማዊ ስርዓት ክተኽሉ ዝቃለሱ ሓይልታት ፈልዩ ብምድጋፍ፤ ንውሽጣዊ ሓድነት ተቓለስቲ ሓይልታት ሱማላውያንን ህዝብን ምምቕቓል ኢድ ብምትእትታው'ዶ ኣሉታዊ ተራ ኣይተጻወተን።

ስለ ዝኾነ ካኣ ከምቲ "ጭጉራፍስያ ባዕላ ወቒዓ ባዕላ ተእዊ ዝባሃል"፡ ሕጂ ብምብትታን ሱማላውያን ክቑዝም ኣየምሕረሉን እዩ። ሕጂ ካኣ ሓላዩ ተመሲሉ ብዛዕባ ናይ ሶማላውያን ሽግራት ኣላዩ መሲሉ ክቐርብ፡ እንትርፎ ንጉጅላዊ ረብሓታቱን፡ ናይዚ ዞባ'ዚ ጎብለል መሲሉ ክርአ እንተዘይኮይኑ ንረብሓ ክልቲኡ ህዝብታት ኣይኮነን። ኣብ መደረ ናይ ኢሰያስ እቲ ዘገርም፡ ኣብዚ ግዝያት እዚ በቲ ናይ ኢትዮ-ኢርትራ ናይ ሰላም ሰምምዕ መሰረት ክፍትሑ ዘለዎም ጉዳያት ገዲፉ፡ "ኣቐዲምና ዞባዊ ውህደት ከነረጋግጽ ኣለና"  እናበለ፡ እንታይ ዳኣ ኣምጸኦ፡ እዚ ሕጂ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ናይዚ ዞባ'ዚ ሃገራት እዚኣተን ጠብሎቕሎቕ ዝብል፡ ጥዑይ ሓታታይ ምስ ዝርከብ፡ መልሱ ከምቲ ኣብ መእተዊ ዝገለጽናዮ ኮይኑ "ዘራጊት ማይ ዘላተን ኣሓ ጽሩይ ማይ ኣይሰትያን" ከም ዝብሃል፡ ሰርዓት ህግደፍ ካኣ ካብ ስልጣኑ ክሳዕ ዘይተወገደ፡ ካብ ቅልውላው ወጻኢ  ክነብር ስለ ዘይክእል  እዩ፡ ኩሉ ግዜ ብውሽጥን ብደገን ኣብዚ ዞባ እዚ ሰላም እንዳዘረገ ዝነብር ዝብል እዩ መልሱ።

**ንክቡር ባህልን ስነ-ምግባርን ናይ ሕብረተ-ሰብና ዝብክልን ዘዕኑን ዘሎ፡ ኣዕናዊ ስርዓት ህግደፍ ብቃልሲ ነወግድ፡**

ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን /ህዝብታት/ ኤርትራ ከም ዝኾኑ ሕብረተ-ሰባት መንፈሳውን ባህላውን ልምዳውን መለለይኦምን መግለጺኦምን ዝኾኑ ዝተፈላለዩ ክብርታት ዝውንኑ ክቡራት ህዝብታት እዮም። ኣብ ህዝብታትና ብሃይማኖታውን ባህላውን ዝግለጹ ህዝብታትና ዝስረትሎም መሰረታዊ እምነታት ካብ ቀደም ዝጸንሑን ህሉዋትን ቀጻልትን እዮም። ህዝብታትና ድማ ነዞም ሃይማኖታውን /መንፈሳውን/ ባህላውን እምነታት እዚኣቶም፡ ምስ ወድዓውን ታሪኻውን ኩነታት ኣዛሚዶም ከም ልዑል መምርሒ ናይ ሂወቶም ወሲዶም የዘውትሩዎምን፡

ካብኣቶም መንፈሳዊ ሓይልን ጥንካረን እናረኸቡ፡ ሓፈሻዊ ማሕበራዊ ሂወቶም ይመርሑን የቐጽሉን እዮም። ምኽንያቱ እዚ እምነታት'ዚ ንዓኣቶም እምነት ካብ ምዃን ሓሊፉ፡ ዕግበትን ነፍሰ-ምትእምማንን ሓቢርካን ተኸባቢርካን ናይ ምንባር ኩነታት ከም እምነትን ሕግን ኮይኑ ስለ ዘገልግሎምን ዝጓስዮምን እዩ።

በቲ ካልእ ገጽ ድማ፡ ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን /ህዝብታት/ ኤርትራ ከም ዝተፈላለየ ማሕበራዊ ኣከናውና ዘለዎም ህዝብታት መጠን፡ ነናይ ገዛእ ርእሶም ዝተፈላለዩ ክቡራት ባህልታትን ልምድታትን ኣለውዎም እዮም። ስለ ዝኾነ ድማ ህዝብታትና ከከም እምነቶም፡ ንሃማኖታዊ መንፈሳዊ ዕግበቶምን፡ ማሕበራዊ ሂወቶምን ዝምድነኦምን መግለጽን መደልደልን ዝጥቀምሉ እዮም። ንዝውንኑዎም ባህላውን ልምዳውን ክብርታቶም ድማ፡ ኣብ ማሕበራዊ ሂወቶም፡ ኣብ መውስቦ /መርዓ፡ ሓዳር/ ኣብ ስራሕን ኣፍራይነትን፡ ኣብ ግዜ ሓጎስን ሓዘንን የዘውትሩዎምን ይጥቀምሎምን።

ብሓጺሩ ህዝብታትና ንሃማኖታዊ፡ ባህላውን ልምዳውን ረቛሒታት፡ ካብ ንመንፈሳውን ማሕበራውን ባህላውን መጥቀምን መግለጽን ገይሮም ካብ ምጥቃም ሓሊፎም፡ ንማሕበራውን ባህላውን መንነቶም መደልደልን ከም ናይ መንነቶም መግለጽን ክብርን ኮይኑ እዩ ዝውሰድን ዝኽበርን። እዞም ካብ ሃይማኖታዊ እምነታት ጀሚርካ ክሳብ ባህላውን ልምዳውን ረቛሒታት እዚኣቶም፡ ኣብ መንፈሳዊ /ሃይማኖታዊ/ ሂወትን ማሕበራውን ባህላውን መዳያትን ንህዝብታትና ኣብ ማሕበራዊ ኩነታቶም ዝቐርጹ፡ ዝጠቕሙን ዝገልጹን ረቛሒታት እዚኣቶም፡ ኣብዚ ግዜ /ወቕቲ/'ዚ ብከምቲ ዝድለ ህዝብታትና ይጥቀምሎምን ይግልገሉሎም'ዶ ኣለዉ ኢልና ክንፍትሾን ክንግምግምን እንከለና ግን፡ ብሰንኪ ኣፍራሲ ስርዓት ህግደፍ፡ ኣብ ዓውደ ተግባር ኣይከምቲ ዝድለን ዝኣክልን። ከመይሲ ዓቢ ዕንቅፋታት እናወረዶም፡ ኣብ ዓንቀፍቀፋትን ጸገማትን ዝበዝሖ ኩነታት ስለ ዝርከቡ፡ ሕብረተ-ሰብና ብከምቲ ዝድለን ዘዕግብን ይምራሓሎምን ይግልገለሎምን ናብ ሓድሽ ወለዶ የውርሶምን ኣሎ ክበሃል ዝካኣል ኣይኮነን። ገለ ገለ ገለጽቲ ነጥብታት ንመጥቃስ ዝኣክል፤

መንግስቲ ህግደፍ ፖለቲካዊ ስልጣን ካብ ዝሓዘላ ግዜ ኣትሒዙ፡ ንህዝብታትና ብኩሉ መዳይ ጨቒኑ ብምሓዝ፡ ንምግዛኦም ንክጥዕሞ ክብል ዝተጠቕመሉን ዝጥቀመሉ ዘሎን ሜላታት ምስ እንድህስስ፡ በቀሊሉ ምግንዛብ ይካኣል እዩ። እዚ ካኣ ኣመንቲ ህዝብታትና፡ ኣብ ሃይማኖታውን መንፈሳውን መዳይ፡ ብንጽህናን ባህግን ሃማኖታትውን መንፈሳውን እምነቶም ከየስፍሑን ከየደልድሉን፡ ኣብ ሃይማኖታዊ ትካላቶም ብርእዮ ኢዱ ብምትእትታው፡ ንምንፈሳዊ ሕግታትን ኣሰራርሓን ብምጥሓስን ብምርኻስን፡ ናይ ኣመንቲ ሓድነት ንከይድልድል ምዝራግን፡ ሃይማኖታውያን መራሕተን ምሕያር፡ ምእሳር፡ ኣሲርካ ምጥፋእ ወዘተ ዝኣመሰሉ ናይ ዓመጽን በደልን ስጉምቲ ብቀጻሊ ስለዝወሰድ፡ ኣብዚ መዳይ'ዚ ኣመንቲ ናይ ዝተፈላለዩ ሃይማኖታውን ባህላውን እምነታት ዝኾኑ ህዝብታትና፡ ከቢድ በደላት ይበጽሖም ኣሎ ጥራሕ ዘይኮነስ ናይዚ መንፈሳዊ ሓይልን ንጹህ ኣገልግሎታዊ ክብርን'ውን ይትንከፍን ናብ ምህሳስ ገጹ የቕንዕን እዩ ዘሎ።

በቲ ካልእ ገጽ ድማ  መንፈሳዊ እምነታት፡ መንፈሳዊ  ኣገልግሎታት ካብ ምሃብ ሓሊፉ ኣብ ባህላዊ መዳይ'ውን ሰባት /ህዝብታትና/ ካብ መንፈሳውን ባህላውን እምነቶም እናተበገሱ፡ ኣብ ስነ-ምግባር /ሞራል/ ኣብ ሰናይ ምግባር፡ ኣብ ሰብኣውነትን ካለኦትን ኣብ ምጥቃም ህዝብታትና ቀሊል ዘይኮነ ፈተነታት ብኣረሜናዊ ስርዓት ህግደፍ እናኣጋጠሞም መጺኡን ገና ዝገጥሞም ዘሎን እዩ። እዚ ማለት ህዝብታትና ከካብ ዝኣምንሉ ሃይማኖታዊ እምነታትን መምርሒኡን እናተበገሱ፡ ኣብ ባህልታቶም፡ ኣመንዝራነት፡ ዓመጽን ዘይናትካ ምድላይን ስርቅን ራስያን፡ ናይ ስራሕ ፍቕርን ተሓባቢርካ  ናይ ምስራሕን ምጥቃምን ባህሊ፡ ተኣማሚንካን ተሓባቢርካን ናይ ምንባር ልምድን፡ ሕድሕድ ናይ ምክብባር  ባህልን ወዘተ ዝኣመሰሉ ዝተፈላለዩ ሃይማኖታውን ባህላውን ክብርታት ዝውንኑ እኳ እንተኾኑ፡ ኣብዚ መዳይ እዚ በዚ ኣፍራሲ ዝኾነ ስርዓት'ዚ ዝወርዶም ዘሎ በደላትን ዕንቅፋታትን ብጣዕሚ ብዙሓትን ከበድትን ኣተሓሳሰብትን እዮም። ገለ ካብኣቶም ብኣብነት ንምጥቃስ ዝኣክል፤
-ንመንእሰያት ወለዶ ናይ ህዝብታቶም ሃይማኖታውን ባህላውን እምነታት ብግቡእን ብምልኣትን ከይፈልጡ፡ ከየዘውትሩ፡ ከይወርሱን ከይዕቅቡን፡ ኣብ ቤት-ትምህርትታት፡ መዓስከር ታዕሊም ሳዋን ኣብ ግዱድ ባርነታዊ ኣገልግሎታትን ኣብ ዝተፈላለዩ ኮለጃትን ካለኦት መዳያትን፡ ዝፈጥረሎም ተጽዕኖን በደላትን፡ መጽሓፍ ቅዱስ ይኹን ቁርኣን ከየንብቡን ከይሕዙን፡ ብዛዕባ እምነታቶም ኣመልኪቶም ናይ ኣምልኾ ግቡኣትን ምስጋናን

ከይፍጽሙን ከይጽልዩን ዝገብረሎም እገዳን ምቕጻዕትን ክሳብ ነቶም ቅዱሳን መጻሕፍቲ ምርኻስ፡ ምቕዳድን ምንዳድን ኣኪብካ ምስዋርን ዝበጽሕ ኣረሜናዊ በደላት ህልውን ቀጻልን እዩ።

-ህግደፍ ብስም ሃገርን ሃገርነትን ዝብል ምስምስ፡ ንመንእሰያትና ዝተፈላለዩ ናይ ህዝብታትና ባህልታትን ልምድታትን ክትላለዩን ሃገርኩም ክትፈልጡን ብዝብል ሓንፋጺ መደብ፡ ናይ ህዝቦም /ብሄራቶም/ ቋንቋ፡ ባህልን ሕሉፍ ታሪኽን ብግቡእ ከይፈልጡን ከይጥቀሙን ከይዕቅቡን ተጽዕኖ ብምፍጣር፡ ናብቲ ናይ ጉጅላዊ መንግስታዊ ናይ ባርነት መደባት ጥራሕ ከተኩሩ ብምግዳድ፡ ናይ መንነት ምድውዋስ መንፈስን ተረድኦን ክሓድሮም ብቐጻሊ ይሰርሕ ኣሎ እዩ። ስለ ዝኾነ መንእሰያትና ኩሉ-መዳያዊ ክብርታት ናይ ህዝቦም ኣነጺሮም ከይፈልጡ፡ ከየማዕብሉን ከይወርሱን፡ ሓደጋ ናይ ባህልን ልምድን ብወዛ /ሕንፈጻ/ ከንጸላልዎምን ዘይተለመዱን ዘይቅቡላትን ድቃልያ ባህልታት ክቀላቐሉን ክተኣታተዉን ኣብ ምግባር እዩ ዝርከብ ዘሎ።

- ኣብ ባህላዊ መዳይ፡ ህዝብታትና ቅድም ክብል ንዝሓዝዎን ዘማዕበልዎን፡ ምስ ዘሕልፍዎ ዘለዉ ወድዓውን ታሪኻውን ኩነታት ኣዛሚዶም ከይጥቀምሉን ከየማዕብሉዎን፡ ንተቐባሊ ሕድሪ ዝኾነ ሓድሽ ወለዶ ከየማሓላልፍዎን፡ ዝተዘርገን ዘይተኣማመንን ስድራ-ቤታትን ሕብረተ-ሰብን ንክህሉ ህግደፍ ዓሊሙ ብዝሰርሖ ዘሎ ጸረ ባህልን ልምድን ክብርታት ናይ ሕብረተ-ሰብና ናብ ኣተሓሳሳብን ሓደገኛን ኩነታት ከሳጣሕ ይገብር ኣሎ። ከም ውጽኢት ናይዚ ዘራጊ ተግባራት'ዚ ድማ ኣብ ባህልታትና ዝረአ ዘሎ ዝተሓናፈጸን ዝተዘርገን ንህዝብታትና ዘይመስልን ዘይገልጽን ፍጮ ዝኾነ ባህልታት ኣብ ሓድሽ ወለዶና ክተኣታቶን ክልመድን ይረአ ኣሎ። ስለዝኾነ ኣብ ባህላዊ መዳይ ዝረኣዩ ዘለዉ ባህላውን ስነ-ኣእምራውን መንጸብረቕታታት ምስ ቅቡልን ክቡርን ናይ ዝተፈላለዩ ህዝብታትና /ብሄራትና/ ባህልታትን ልምድታትን ምስናይ እናሰኣነ ዘይተቓደወ ኩነታት እናተንጸባረቐ፡ ነቲ ህግደፍ ክፈጥሮ ዝሓልሞ ዘሎ ዝተሓናፈጸን ሓበጀረዋይ ሕብረተ-ሰብን ባህልን ልምድን ዘንጸባርቕ ኣሉታዊ ተርእዮ እዩ ብጭቡጥ ዘንጸባርቕን ዘእንፍትን ዘሎ።

- ህዝብታትና ኣብ ስነ-ምግባራዊ መዳይ ንኣመንዝራነት፡ ስርቅን ሓሶትን ጉቦን-ብላዕን ብሓሶት ምምስካርን ወዘተ ዝጽየፍን ዝከላኸልን ክቡር ባህሎም፡ ህግደፍ ዝብክልን ዘህስስን ዝተፈላለዩ ተግባራት እናኣካየደ፡ ጽቡቕ ስነ-ምግባር ዘለዎ ወለዶ ክምልምልን ከውርስን ንከይክእል፡ ጉጅለ ህግደፍ ኣብዚ ወቕቲ'ዚ ኣብ ሕብረተ-ሰብና ስርቅን ሓሶትን ምክሕሓድን ብዕልግናን ስእነትን ድኽነትን ዝሙትን ወዘተ ብኣሰካፊ መልክዑ ከስፋሕፍሕ ዕድል ረኺቡ ንህዝብታትና ዘጸግምን ዘሳቕን ዘሎ ኣሻቓሊ ተርእዮ እዩ። እዚ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ህግደፍ፡ ፖለቲካዊ ኣፍልጦን ህዝባዊ ወገንነትን ዘይብሉ፡ ሃይማኖታውን ባህላውን እምነታትን ልምድታትን ናይ ሕብረተ-ሰቡ ዘይፈልጥን ዘየኽብርን ደርቢ-ኣልባ /ወዲኒ/ ዝኾነ መንእሰይ ብምፍጣር ክጥቀም ዝሓዞ ርኹስ መደባት ንምዕዋት ክብል፡ መንእሰይ ናይ ምብካል ንጥፈታቱ መሊኡ ክዕወተሉ ዝኽኣለ እኳ እንተዘይኮነ፡ ሎሚ ኣብ መንእሰያትና ዝርአ ዘሎ ናይ መስተ ዝንባለን ዝውታረን ናይ ፖለቲካ ምጽላእን ዘይምስታፍን ካለኦትን ብጽሞና ክረአ እንከሎ፡ ኣብ ዘተሓሳስብ ደረጃ እዩ ዝርከብ ዘሎ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኣንፈቱ ብኣጋ መዕገቲ እንተዘይረኺቡ ብጣዕሚ ዘሰክፍን ጎዳእን እዩ ዝኸውን።

ጉጅለ ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ሃይማኖታውን ባህላውን እምነታትን ልምድታትን፡ ዝተፈላለዩ ናይ ስነ-ምግባር ኣተሓሳስባታትን መሰላትን ናይ ብሄራትና /ህዝብታትና/ ዘካይዶ ዘሎ ዝርገት፡ ብከላን ዕንወትን ደሚርካ ብጥንቃቐ ክረአ እንከሎ፡ ህግደፍ እንተኮይንሉ /እንተሰሊጡዎ/ ኣይኮነሉን ኣይሰልጦን ዳኣምበር፡ንህዝብታት ኤርትራ ኩሎም ክብርታቶም ብምዕናው፡ ሓደን ዝተሓናፈጸን ብዙሕነት ናይ ቋንቋ ባህልን ልምድን መንነትን ታሪኽን ዘይብሉ ሓደ ህዝቢ ክህነጽ ብምግባር፡ ልክዕ ከምቶም ጨፍለቕትን ኣዕነውትን ደርባውያን መሓዙቱ ከም ናይ ካምቦዲያ መራሒ ዝነበረ ፓልፖት ን ወዘተ ዝፍተንዎ ባዕላዊ ኣዕናዊ ፈተነ፡ ንህዝብታትና ብኩሉ መዳዮም ብምሕንፋጽ ኣስተርሒዩ /ቀሲኑ/ ንምግዛኦም ዝዓለመ መኻን ሕልሚ እዩ ዘካይድ ዘሎ።

እዚ ብህግደፍ ናብ ልዕሊ ናይ ህዝብታትና ኩሉ-መዳያዊ መግለጺ መንነታትን ክብርታትን ዝካየድ ዘሎ ናይ ብክልናን ዕንወትን መደባት፡ ናብ ዝኸፍአ ደረጅኡ ከይበጽሐ እንከሎ ብቃልሲ ክብርዕንን ክውገድን

እንተዘይተኻኢሉ፡ ህዝብታትና ናይ መንነቶም ኩሉ-መዳያዊ ክብርታት ብምስኣን፡ ብስም "ሓደ ህዝብን ሓደ ልብን" ብዝብል ናብ ዓቢ ናይ መንነት ቅልውላው ብምስጣሕ፡ መፍቶ ገዛእን ኣብራስን ኣረሜናዊ ስርዓት ህግደፍን ካልኦት መሰልቱን ኮይኖም እዮም ዝተርፉ። ስለዚ ህግደፍ ጸረ-ህዝብን ጸረ ደሞክራስን /ጸላኢ/ እዩ ክበሃል ከሎ ብተራ ትርጉም ጨጺኒ ስለ ዝኾነ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ እንታይዳኣ ንበካልን ኣዕናውን ድሌቱን ጠቕሙን ክብል ንሕብረተ-ሰብ ካብ ምጭቋንን ምምዝማዝን ሓሊፉ፡ ክሳብ ሕብረተ-ሰብና ብኩሉ መዳዩ ክፈርስን ክበታተንን ዝገብር ባህረን ዕላማን ስለ ዘለዎ፡ ነዚ ናይ ብከላን ምርኻስን ሕንፈጻን ኣዕናዊ ዕማማት እዚ ክዉን ክገብር ኣብ ምርብራብ ይርከብ ብምህላዉ'ውን እዩ።

ስለ ዝኾነ ብሄራትን ብሄረ-ሰባትናን /ህዝብታትና/ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰሎም ተረጋጊጹሎም ቋንቋኦምን ባህሎምን ክጥቀሙሉምን ክዕቅብዎምን ናብ ተካኢ ወለዶ ብምልኣት ከሰጋገርዎምን ከውርሱዎምን እንተዳኣ ኮይኖም፡ ኣብ ሃገሮም ዝተማለአ ሰላምን ምርግጋእን ደሞክራስን ረኺቦም፡ ኣልሚያም ንነብሶምን ሃገሮምን ከዕብዩን ናብ ዝለዓለ ደረጃ ምዕባለ ብምብጻሕ ሂወቶም ብተዛማዲ ሰላምን ቅሳነትን ክመርሑ ክበቕዑ፡ ኣብ ኩሉ መስርሕ ሂወቶም ዝተፈላለዩ ዕንቅፋታት ዝፈጥረሎም ዘሎ ናይ ብከላ፡ ምርኻስን ዕንወትን ጠንቂ ዝኾነ ስርዓት ህግደፍ፡ ንኩሉ-መዳያዊ ድልየታቱ /ጥሙሓቱ/ ብምብርዓን ምስ ኩሉ እከይ ባህሩን ኣዕናዊ ኣተሓሳስብኡን ኣብረስቲ መሓውራቱን፡ ብህዝባዊ ሓርነታዊ ቃልስና ምስዓሩን ምውጋዱን፡ ኣብ መቓብሩ /ቦትኡ/ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ መንግስቲ ክንምስርት ምስ እንኽእል ጥራሕ እዩ።

ስለዚ ኩላትና ተቓወምቲ ኣካላት ካብ በበይንና ኮይና ዘይኣድማዒ ቃልሲ ምክያድ ድሒንና፡ ዘለና ጭቡጥ ተቓላሳይ ዓቕምታትና ኣወሃሂድናን ኣዋዲድናን፡ ነዚ ንክቡራት እምነታት፡ ባህልታትን ክብረታትን ናይ ሕብረተ-ሰብና ዝብክልን ዘዕኑን ዘሎ ሓባራዊ ጸላኢ ኣረሜናዊ ስርዓት ህግደፍ ንሓንሳብን ንሓዋሩን ንምውጋድን ህዝብን ሃገርን ንምድሓንን ደሞክራስያዊ ለውጢ ንምርግጋጽን ሓቢርናን ተደጋጊፍናን ንቃለስ።

## [ሓርበኛውን ደሞክራስያውን ተራ ደቀ-ኣንስትዮ ኤርትራ
ኣብ ቃልሲ መተካእታ ዘይብሉ ዕማም እዩ፤]

ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ከም መስፍን-ርእሰ-ማላዊ ሕብረተ-ሰብ መጠን፡ ካብ ዝተፈላለዩ ዝጸንሑን ዘለዉን ድሕረታትን መሃይምነታትን መሊኡ ዘይተላቐቐ ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ልዕሊ ደቂ-ኣንስትዮ ዝዓርፉ ዝተፈላለዩ ወጽዓታት ብልክዕ ዘይርኢ፡ ንዓቕምን ተሳትፎን ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ኩሉ-መዳይ፡ ትሑትን ኣነኣኣስን ግምትን ግንዛበን ካብ ምሃብ መሊኡ ዘይተናገፈ፡ ጾታዊ ወጽዓን ካልኦት ዝተፈላለዩ ድሑራት እምነታት ብምጥቃም ኣብ ልዕሊ ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ ደርባውን ጾታውን ባህላውን እምነታት መበገሲ ዝገበሩ ዝተፈላለዩ ወጽዓታት ዝሓቁፍ ሕብረተ-ሰብ ምዃኑ ዘካትዕ ኣይኮነን።

ወድዓውን ታሪኻውን ማሕበረ-ቁጠባዊ ክውንነት ህዝብታትና ከምዚ ዝጥቀስ ዘሎ ይኹን'ምበር፡ ሓርበኛታት ደቀ-ኣንስትዮ ኤርትራ ህዝባታት ኤርትራ ኣብ እናካየድዎም ዝመጹ ወለዶታት ዝሓተቱ መረርቲ ናይ ነጻነትን ሓርነትን ቃልስታት፡ ኣብ መድረኻት ናይ ሰላማዊ ዘይሕጋዊ መድረኽ ቃልሲ ይኹን፡ መስርሕ ዕጥቃዊ ቃልስና ዓቕመን ብክንዲ ዝፈቐዶ፡ ናይ ሂወትን ስንክልናን፡ ናይ ገንዘብን ንዋትን ዋጋ እናኸፈላ ናይ ቃልሲ እጃመን እናኣበርከታ ዝመጻ ሓርበኛታት ኣሓትን ኣዴታትን ምዃነን ዝእመነሉን ዝድገፍን ሰብ ጭቡጥ ወርቃዊ ታሪኽን እየን።

እዚ ሓርበኛዊ ተራን ተሳትፎን ቃልሲ ደቀ-ኣንስትዮና ክውንን ዝጭበጥን ይኹን ዳኣምበር፡ ደቂኣንስትዮ ኤርትራ፡ ብከምቲ ከድመዐኦ ዘግበአንን ትጽቢት ዝግበረሉ ናይ ቃልሲ ተራን ኣድማዕነትን ነይርዎ እዩ ክበሃል ዝካኣል ግን ኣይኮነን። ምኽንያቱ ኣብ መስርሕ ህዝባዊ ቃልስና ንናጽነት ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ካኣ ኣብቲ መስርሕ ዕጥቃዊ ቃልስና ናይ ገዛእ ርእሰን ንደቂ-ኣንስትዮ ጥራሕ ዝምልከትን ዝሓቁፍን ካብ ዝኾነ ይኹን ናይ

ፖለቲካዊ ውድባትን መራሕተንን ተጽዕኖን ኢ.ድ-ምትእትታውን ሓራ /ነጻ/ ዝኾነ ሃገር-ለኸ ውደባ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ብምውናን ክቃለሳ ክበቕዓ ብዘይምኽኣለን ዝተፈጠረ ጸገም እዩ። ስለ ዝኾነ ድማ ንልዑልን ፍሉይን ኣድማዕነተን ኣብ ቃልስን ውሑስ ውዳበአንን ቀጻልነቱን ዓበይቲ ናይ ውደባን ምምራሕን፡ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ ተጽዕኖታት ይበጽሓን ስለ ዝነበረ፡ ከም ዓቢ ጸገም ተገይሩ ክውሰድ /ክጥቀስ/ ዝካኣል እዩ።

ብሐጺሩ ንምጥቃስ ዝኣክል፡ ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ ዝተፈላለየ ውደባታት ብምብግጋስ ዝተቓለሳን መስዋእቲ ዝኸፈላን እኳ እንተኾና፡ ብጥቁቕ ኣገላልጻ ውዳበአን ይኹን ኣባልነተን ካብ ናይ ፖለቲካዊ ውድባት ወጻኢ ብምዃን ተወዲበን ብዓቕመን ንመሰረታዊ ሓርነታውን ጾታውን ነጻነተን፡ ምስ ውጹዓት ደሞክራስያውያን ኣሕዋተን  ደቂ-ተባዕትዮ ተማሓዝየን ክቃለሳ ይበቕዓን ይፍቀደለን ኣይነበረን። ብኣንጻሩ ኣባላትን ምእዙዛትን መቐጸልታን ናይተን ኣብ መስርሕ ብረታዊ ቃልስና ዝዋስኣ ዝነበራ ፖለቲካዊ ውድባትን መራሕተንን፡ ጽጋዕተኛታትን ተጸበይትን ክኾና እናተገደዳ፡ ነጻ ውደባን ምንቅስቓስን ንጥፈታትን ከካይዳ ይኽእላ ኣይነበራን። ኣብ ክንድኡ ነናይ ፖለቲካዊ ውድባተን መደባት መተግበርትን መሳርሕን ተጸበይትን እናኾና፡ ንደርባውን ጾታውን ባህላውን ወጽዓታትን ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ምቅላስ ዘኽእል “ነጻ ውደባ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ” ከይውንና ብስም ስማዊ ዝኾነ “ብማሕበር ደቂ-ኣንስትዮ”ምሉእ ነጻነትን ኣንፈትን ዘይውንን ማሕበር ኣብ ትሕቲ ዝተፈላለያ ፖለቲካዊ ውድባት ብምዃን ብናይ ተጸባይነት መንፈስ ተቐይደን እናተቓለሳ ዝመጻ እየን።

እዚ ማለት ግን ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ ኣይተቓለሳን መስዋእቲ ኣይከፈላን ማለት ግን ኣይኮነን፤ ተቓሊሰንን ከቢድ መስዋእቲ ከፊለንን እየን። እቲ ጭቡጥ ተሞኩሮ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ ብውደባ ዓይኒ ቅዩድ ስለ ዝነበረ ካኣ እዩ፡ ዕጥቃዊ ቃልስና ብዓወት ሃገራዊ ነጻነት ምስ ተዛዘመ፡ እተን ኣብ ትሕቲ ዝተፈላለያ ፖለቲካዊ ውድባት ብምዃን ተወዲበን ክቃለሳ ዝጸንሓ ደቂ-ኣንስትዮ ልክዕ ከም ፖለቲካዊ ወድባተን ፖለቲካዊ ዕጫ ክበጽሐን እንከሎ፡ እተን ኣብ ትሕቲ ህዝባዊ ግንባር ብምዃን ዝቃለሳ ዝነበራ ኣሕትና ደቂ-ኣንስትዮ ድማ፡ መሪሕነት ውድብ ህዝባዊ ግንባር ንብሕቱ ፖለቲካዊ ስልጣን ምስ ጨበጠ ሰኺሩ “ናይ ሓፋሽ ማሕበራት ውዳበ /ማሕበር/ ኣየድልን እዩ ኣበቂዑ እዩ” ብዝብል ከሓድን ዓጋትን እምነት ብምንጽብራቕ ነተን ኣብ ትሕቲኡ ተወዲበን ዝነበራ ናይ ደቂ-ኣንስዮን ካለኦትን ማሕበራት ከም ዝዳኸማን ዝፈርሳን ከም ዝገበረን ናይ ቀረባ ተዘኩሮና እዩ።

ይኹን ዳኣምበር እተን ዝተፈላለያ ማሕበራት “ናይ ዝተቓለስናዮ ታሪኽን ተቓላሳይነትና ክብርን ስለ ምንታይ ይካሓድ” ዝብል  መረረትን ተቓውሞን ስለ ዘስማዓ ብሓደ ግጽ፡ በቲ ካልእ ገጽ ድማ፡ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ጽንሕ ኢሉ ንመንግስታዊ ስልጣኑ ዘገልግላ ስማውያን ማሕበራት ከም መሓውራት ስለ ዝድለዮኦ ኣብ ትሕቲ ምሕረቱን ምምሕዳሩን ኮይነን ዘገልግለኦ ክም ሃማደኤ፤ ሃኮሰኣን ናይ መንእሰያትን ተማሃሮን ወዘተ ዝኣመሰላ ስማውያን ማሕበራት ክጣየሻ ብምግባር ክጥቀም ጸኒሑን ይጥቀም ኣሎን እዩ። እዘን ማሕበራት እዚኣተን ግን ነቲ ኣረሜናዊ ገባቲ ስርዓት /ህግደፍ/ ካብ ምግልጋል ወጻኢ ንነብሰንን ኣባላተንን ዝኾነ ይኹን ጠቕሚ ዝህባን ዝጣበቓን ማሕበራት ኣይኮናን።

እዚ ዝጠቀስ ዘሎ ጭቡጥ ታሪኻዊ ተርእዮ'ዚ ዘረዳኣና ነገር እንተሃለወ፡ ውድባ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ ይኹን ካለኦት ማሕበራት፡ ነጻን ሃገር-ለኸን ዝኾነ ወደባ ናይ ማሕበር ብምውናን ብነጻነትን ምሕዝነትን  ምቅላስ ዘይተበቕዐን ዘይተረጋገጸን ምንባሩ ብብሩህ ዝሕብረና ተርእዮ እዩ። ድሕሪ ምርግጋጽ ሃገራዊ ናጽነትና ኣብ ዘሎ ግዜ  ኩነታት ውደባ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ ከመይ ቀጺሉን ኣሎን ክንርኢ እንከለና ድማ፡ እተን ኣብ ትሕቲ ጽላል ናይ ዝተፈላለያ ፖለቲካዊ ውድባት ብምዃን ብኣባልነት ዝቐጸላን፡ ኣባልነት ናይ ውድባት ዘይብለንን ኣብ ዝተፈላለየ ሃገራት ወጻኢ ኣብ  /ዲያስፖራ/ ዝነብራ ደቂ-ኣንስትዮ ኣሓትና፡ ኣብ ዝተፈላለየ ግዜ ነጻ ማሕበር ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ንምምስራት ተበግሶን ጅማሮን እናኣካየዳ ዝተጨበጠን ቀጻልነት ዘለዎን ውደባ ምውናን እናሰኣና፡ ናይ ሕዝ ግድፍ ጅማሮን ዘይምቕጻልን ኩነታት እናፈታተነን ዝመጸን፡ ንጁት መጋቢት ዓለም-ለኻዊት መዓልቲ ደቂ-ኣንስትዮን ካለኦት ሃገራዊ በዓላትን ከም ኣጋጣሚ እናተጠቕማ በዓላት ከካይዳን ክዝክራን ጸኒሐንን ኣለዋን እየን።

እዚ ተበግሶን ተግባርን ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ኣሓትና'ዚ ጽቡቕን ዝድገፍን እኳ እንተኾነ፡ እዚ ኣካይዳ'ዚ ሕጂ'ውን ነቲ መሰረታዊ ረቛሒታት ናይ ነጻን ቀጻልን ውደባ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ዘይመለሰ ኣካይዳን ፈተነን ስለ ዝኾነ፡ መሰረት ዘለዎ ነጻ ውዳበ ንክረጋገጽ ሕጂ'ውን ዘየቋርጽ ፖለቲካውን ውድባውን ጻዕርታት ክካየድ ዝሓትት ኮይኑ እዩ ዝቕጽል ዘሎ። እዚ ጻዕርታት'ዚ ድማ ንደቂ-ኣንስትዮ ጥራሕ ዝምልከት ዘይኮነስ ንኩሉ ፈታውን ኣማንን ደሞክራስያዊ ለውጥን ምርግጋጽ ሓርነታዊ መሰላት ናይ ህዝብታትና ንምርግጋጽ ዝቃለስ ጾታን ደርብን ካልእን ዘይፈልን እዩ ዝኸውን።

ዝተነጸረን ነጻን ድልዱልን ሃገር-ለኸ ውዳበ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ ከነረጋግጽ እንተዳኣ ኮይና ድማ፡ መጀመርያ ውደባ ናይ ደቂ-ኣንስትዮና ኣብ መስርሕ ዕጥቃዊ ቃልስና ከመይ ነይሩን፡ እቶም ዘጋጥሙዎ ዝነበሩ ወድዓውን በዓል-ቤታውን ጸገማትን ተጽዕኖታትን እንታይን እንታይን እዮም ነይሮም? ድሕሪ ምርግጋጽ ተራ ሃገራዊ ነጻነት ኤርትራ'ውን እንተኾነ፡ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ውደባ ንምርግጋጽ እናተፈተኑ ግን ካኣ እናፈሸሉን እናተዳኸሙን ዝመጹ ናይ ውደባ ፈተናታት እንታይ እዩ ነይሩ ጸገማቶም፡ ብከመይከ ክፍትሑ ይግበኦም ነይሩ ..ዝብሉ ነጥብታት ብምልዓል ኣገደስቲ ገምጋማት ክንገብር ኣለና።

ቀጺሉ ካብቲ ዝግበር ጭቡጥ ገምጋም ብምብጋስ ድማ፡ ሓደ ነጻን ድልዱልን ሰፊሕን ተቐባልነትን ቀጻልነትን ዘለዎ ውዳበ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ከንምስርት ክንረባረብ እዩ ዝህልወና። ስለዚ ነቲ ካብ ሓያሎይ ግዝያት ጀሚሩ እናተፈተነ ዝመጸ ውዳበ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ናይ ምርግጋጽ ፈተነታትን ጻዕርታትን ይኹን፡ ኣብዚ እዋን'ዚ'ውን እንተኾነ "ብንቕሎ ኣዴታት ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራውያን.." ዝፍለጥ ተበግሶን ካለኦትን ደቂ-ኣንስትዮ ዘነጣጥፎኦ ዘለዋ ናይ ገዛእ ርእሰን ሃገር-ለኸ ነጻ ውደባ ናይ ምርግጋጽ ተበግሶን፡ ድልድሉልን ቀጻልነት ዝለዎ ውዳበ ክኸውን ንኽካኣል፡ ዕላማታት ደቂ-ኣንስትዮ ከዐውት ዝኽእል ስልትን እስትራተጅን ምሕንጻጽ፤ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ውደባ ነጻነትን፡ ምስ ካለኦት ውደባታት ፖለቲካዊ ይኹኑ ስቪክ ማሕበራት ዝህልዎም ሓባራዊ ዕላማን ዝምድናን ደረቱ ዝተነጸረ ኮይኑ ክቕመጥን ክቕረጽን ምግባር፤ ምስ መሰረታዊ ወጽዓ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ምውጋድ እምነትን ተራን ዘለዎም እስትራተጂካውያን መሓዙት ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ደሞክራያውን ሓይልታት ዝህሉ ዝምድና፡ ካብ ኢድ-ምትእትታውን ተጸባይነትን ዘድሕን ኮይኑ ክቕመጥን ብተግባር ክስራሓሉ ዘኽእል ኮይኑ ክቕረጽን ኣገዳሲ እዩ ዝኸውን።

ብከምዚ ጥንቃቐን ንቕሓትን ዝተሰነየ ኣገባብ ዝፍጠር ሃገር-ለኸ ውደባ ናይ ደቂ-ኣነስትዮን ዝካየድ ሓባራዊ ቃልስን እዩ ድማ ናይ ሕብረተ-ሰብና ኩሉ-መዳዊ ወጽዓን ጸገማትን ብሓፈሻ፡ ናይ ደቂ-ኣንስትዮና ካኣ ብፍላይ፡ ተወዲብካ ብምቅላስ ብርጉጽነት ምዕዋትን ቀጻልነት ክህልዎን ምግባርን ዝካኣል።

ብመሰረቱ'ውን፡ ልዕሊ ፍርቂ ሚእታዊ ናይ ሕብረተ-ሰብና ዝኾና ሓይሊ ደቂ-ኣንስትዮ ምውዳብን ኣብ ቃልሲ ክድልድል ምግባርን፡ ናይ ሕብረተ-ሰብና ጻምእ ናይ ሰላምን ምርግጋእን፡ ፍትሕን ርትዕን፡ ደሞክራስን ልምዓትን፡ ኩሉ-መዳያዊ ሓርነታትን ኣብ ምርግጋጽ፡ ውድባዊ ነጻነተን ሓልየን ተወዲበን ዝቃለሳ ደቂ-ኣንስትዮ ምህላው ንዓወት ህዝባዊ ቃልስና፡ ኣብ ዝኾነ ግዜን መድረኽን ወሳንን ኣተኣማማንን እዩ። ስለ ዝኾነ ድማ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ውደባ ከርጋገጽ ግቡእ ትኹረት ክወሃቦን ዕቱብ ቃልሲ ክካየደሉን ዝግባእ እዩ። በዚ መሰረት እቲ ኣብዚ ግዜ'ዚ ነጻ ሃገር-ለኸ ውደባ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ንምርግጋጽ ዝካየድ ዘሎ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ሽትኡ ንክሃርም፡ ደቂ-ኣነስትዮ ኤርትራን፡ ንማሕበራዊ ሓርነትን ማዕርነትን ናይ ህዝብታትና ንምርግጋጽ ዝቃለሱ ደሞክራስያውያን ሓይልታትን ብሓባርን ብምድግጋፍን ምምልላእን፡ ነጻ ሃገራዊ ውደባ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ንክጭበጥን ክስራሓሉን ንምብቃዕ፡ ካብ ዝኾነ ግዜ ንላዕሊ ክንነጥፈሉን ክንረባረበሉን ዝግባእ ዛዕባ እዩ ዝኸውን ዘሎ።

እቲ ዝምስረት ውድባ /ማሕበር/ ናይ ደቂ-ኣንዝትዮ ካኣ፡ ካብ ዝኾነ ጸቢብ ኣንስታዊ ስምዒትን ተረደኦን፡ ናይ ተጸባይነት መንፈስን ነጻ ኮይኑ፡ ካብ መሓዝቱ ክርከብ ዘለዎ ኣወንታዊ ናይ ቃልሲ ደገፋት ብልክዕ ዝርእን፡ ካብ ዝኾነ ሓይሊ ብሽም ክንሕግዝ ዝብል ናይ ሓንጋራይነትን ኢድ-ኣእታውነትን ኣሉታዊ ኣቀራርባን ተግባርን

ብንቕሓት እናመከተ፡ ብነፍሰ-ምትእምማን ክቃለስን ከቃልስን ዝበቕዕ ውደባ /ማሕበር/ ከይኑ ቀጻልነት ክህልዎ ናብ ወሽጡን ግዳምን ፖለቲካዊ ቃልሲ ዘካይድን ንቕሓቱ ብቀጻሊ ዘዕብን ማሕበር ክኸውን ይግበኦ።

ስለ ዝኾነ ክውነን ዝድለ ዘሎ ወደባ /ማሕበር/ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ኣብ ጽኑዕ ፖለቲካዊ ባይታ ዝረገጸ፡ ኣገደስቲ ስልትን እስትራተጅን ዝወነነ፡ ካብ ዝኾነ ናይ ተጸባይነት ዓይነት መንፈሳት ነጻ ዝኾነ ብነፍሰ-ምትእምማን ዝቃለስ ዘቃልስ፡ ካብ ናይ ዝሓለፈን ዘሎን ናይ ፖለቲካዊ ተጽዕኖን ተጸባይነትን ዕትብቲ ዝተናገፈ ድልድል ውደባ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ኮይኑ ክውደብ ምግባር ኣገዳሲ እዩ ዝኸውን።

ሰፊሕ ሃገር-ለኸ ውዳበ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ ምውዳብ በቀንዱ ንደቂ ኣንስትዮ ዝምልከት እኳ እንተኾነ፡ ብዕላማን ብናይ ቓልሲ ግቡእን ግን ንዐኦን ጥራሕ ዝምልከት ስለ ዘይኮነ፡ ኩሉ ተቓላሳይ ኣካልና በብዝዓቕሙ እጃሙ ከበርክተሉ ዝግባእ ዓቢ ናይ ቃልሲ ፖለቲካዊ ዛዕባ ስለ ዝኾነ፡ ነጻ ሃገራዊ ማሕበር ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ ክውን ንምግባር፡ ምእንቲ ዓወት ህዝባዊ ቃልስና ንምቅልጣፍን ንምውሓስን ብዕላማን ብምትሕብባርን ምምልላእን ንምርግጋጹ ክንቃለስ እዩ ዝህልወና።

# ናይ ኣንበብቲ ዓምዲ

እዚ ዓምዲ'ዚ ካብ ተኻታተልቲ መጽሄት ህዝባዊ ደሞክራሲ ዝሞጹና ብመልክዕ ስዲ ንባብ ሓጸርቲ ሓተታት፡ ትዕዝብትታት፡ ርእይቶታት፡ ግጥምታት፡ ሕቶታት፡ ኣባሃላታት፡ ምሳሌታት፡ ወግዕታት፡ ንቃልሲ ዝሕግዙ ቁም-ነገራዊ ሓዘል ናይ ምሁራንን፡ ዓበይቲ መራሕትን ፍላስፋታትን፡ ብዝተፈላለዩ መልክዕ ዝቐርቡ ምኽርታት፡ ሓጸርቲ መደረታት፡ ትፈልጥዎ'ዶ፡ ዋዛ-ምስ ቁም-ነገር፡ ካብ እንታይ እባሃል እንታይ ይጸሓፍ ክመሓላለፉ ዝድለዩ መልእኽትታት ወዘተ ንዝመጹ ትሕዝቶታት እነተኣናግደሉ ዓመዲ እዩ። ስለዚ ተኻታተልቲ መጽሄት ህዝባዊ ደሞክራሲ ካብዚ ስፍሕ ዘበለ ኣማራጺ ዘለዎ ዓምዲ፡ ነብሲ-ወከፍ ሰብ፡ ከከም ኣፍልጥኡን ዓቕሙን፡ ተዘክሮታቱን፡ ክሳተፍን፡ ናቱ ኣስተዋጽኦ ክገብርን ዕድል ዝህብ ስለዝኾነ፡ ኩሉ ግዱስ ክጥቀመሉ ነዘኻኽር።
***ኣዳላውቲ መጽሄት ህዝባዊ ደሞክራሲ፡***

ናብ ዝኸበርኩም ኣዳለውቲ ምጽሔት ህዝባዊ ደሞክራሲ፡ ሕውነታዊ ሰላምታይ ብመቕዳም ኣብዚ ቅንያት እዚ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ዝገበሮ ቃለ-ማሕተት ገለ ቁም ነገር'ዶ ይህልዎ ኢለ ብጽሞና ተኸታቲለዮ፡ ግን ብዙሕ ቁም-ነገር ዝነበሮ ኣይነበረን። እዚ ኣመልኪተ ብፍላይ ኣብቲ ውሽጣዊ ኩነታት ናይ ሃገርና፡ ገለ ክብል መሪጸ ኣለኹ'ሞ ኣብ ዓምዲ ደብዳቤታትኩም ከተስፍሩላይ ብትሕትና እሓትት።

**[ሓሶትን ስንቅን እናሓደረ ይፎኩስ፡]**

ብዛዕባ ናይ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ቃለ-ማሕተት ካብ ዘቕረቦ መደረታት ብጣዕሚ ካብ ዝገረመኒ ጉዳይ እንተዳሃልዩ ብዛዕባ ውሽጣዊ ኩነታት ሃገርና ኣመልኪቱ፡ ብፍላይ ኣብ ቁጠባ ሃገር ትኾረተረ ሂቡ ኣብ ዝተዛረበሎም ክሰምዕ እንከለኹ፡ እዚ ሰብ እዝስ መራሒ እዛ ሃገር ዲዩ፡ ወይስ ሓንቲ ዘይፈልጥ ጋሻ ናይዛ ሃገር፤ ኣብ ኤርትራ ዲዩ ዝነብር ዘሎ ወይስ ኣብ ናይ ሕልሚ ዓለም ኢለ ተገሪመ ዘረብኡ ኣስደሚሙኒ። ድሕሪ 28 ዓመታት ካብ ድቃሱ ተበራቢሩ ከምቲ "ባዕላ መውጽኢት ደርፊ፡ ባዕላ መጥፍኢት ደርፊ" ዝባሃል ባዕሉ ሓታታይ መላሳይ ኮይኑ ድራማ ክሰርሕ ኣምስዩ።

ኣብዛ ሃገር እዚኣ፡ ማይ፡ ኤለትክ፡ ትሕተ-ቅርጻን መሳለጥያታትን፡ ናይ ህንጻ መሳርሒታትን፡ መራኽቢታትን፡ ብቑዕ በዓል ሞያ ዓቕሚ-ሰብን ወዘተ የብልናን ኢሉ ብዙሕ መዲሩ። ሃብቲ ባሕርና ዓሳ ይኹን ካለኦት ስትራተጂካዊ ጸጋታትና ብግቡእ ኣይተጠቐምናሉን። ባጽዕ ሉል ናይ ቀይሕ ባሕሪ ኢያ ትበሃል ነይራ ኣይማዕበለትን። ኤርትራ ናጻ ኣብ ትኾነሉ ብጸጋታታ /ብወደባታ/ ሃብታም ሃገር ክትከውን እያ ይባሃል ነይሩ፡ ኣዱሊስ ዓሰብ ፍሉጣት ዓበይቲ ከተማታት እየን ነይረን፤ ብዛዕባ ናይ ደመወዝ ምውሳኽን ናይ ገዛ ሽግራትን ተሓቲቱ “ ደመወዝ ናይ ሰራዊት ዳርጋ ብጥርሑ እዩ ነይሩ፡ ሕጂ ናብ 1800 ናቕፋ ከነብጽሖ ኢና፡ ኣብ ትምህርቲ ሕክምና ብዙሕ ኣይተሰርሐን” ወዘተ ዝብሉ ዘደንጽዉ ዘረባታት ባሓጺሩ ሃገር ከም ዝፈሸለት ዝእምት መደረታት እዩ ኣቕሪቡ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ድሕሪ 28 ዓመታት ሃገር ኣብ ናይ ምብትታን ደረጃ ምስ በጽሐት፡ እንታይ እዩ ዕላምኡ ከምዚ ዝኣመሰለ መደረ ምቕራቡ ምልክት ሕቶ ዝፈጥር እዩ። እዚ ሰብ'ዚ እንታይ ዝሓሰቦ ኣለዎ ዘብል'ውን እዩ። ከምቲ ቅድሚ-ሕጂ ኣብ ሜዳ ኣብ መስርሕ ብረታዊ ቃልስና እንከሎ፡ ንነብሱ ካብቲ ናይ ብልሽውና ሓጥያት ናጻ ኣውጺኡ፡ እቲ ኩሉ ኣብ ውሽጢ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ዝካየድ ዝነበረ ብልሽውና ከም ዘይፈልጠ ኮይኑ ብምቕራብ፡ ናብቶም ካልኦት ኣባላት መሪሕነትን ሓለፍቲ ክፍል-ሰራዊታትን ብሪጌዳትን ወዘተ ከላግቦ ኢሉ፡ ተጋዳላይ ጠምዩ ዓሪቑ፡ ለይትን ቀትርን ኣብ ድፋዓት ነቐጡ ብቁርን ኣስሓይታን ሙቐትን ዝናብን እናተሸገረ፡ ንሶም እናሰኸሩን እናመንዘሩን /እናዘመዉ/ ጽቡቕ እናተመገቡ ብምቕት የሕልፍዎ ጸኒሖም'ዮም ኢሉ እቲ ኩሉ ናይ ብልሽውና ኣበሳ ንዐኦም ዘሸክም ዝነበረ።

ተጋዳላይ ወዲ-ኣፎም እንታይ ገይሩ፡ ዘይእቶም ምስኡ ዘለዉ ሓለፍቲ እዮም ዘበላሽዉ ዘለዉ ኢሎም ክደዓዓሱን፡ ውልቀ ዝንኡ ሰማይ ክድይብን ዝገብሮ ዝነበረ፡ ተመሳሳሊ ድራማ ድዩ ዝሰርሕ ዘሎ ወይስ እቲ ሕቶ ናብቲ ብኣፈሙዝ ብረት ከይዛረብ ኣፉ ተለኹቱ ዘሎ ህዝቢ ሕቶታቱ እዚኦም እዮም ኢሉ ባዕሉ ሓታታይ መላሳይን ኮይኑ፡ ብናይ ሓሶት መብጸዓታት ሐጂ'ውን ከታልሎ ይኽእል እየ ኢሉ'ዶ ይኸውን ከምዚ ዝመጻደቕን ዝናዘዝን ዘሎ? ኢለ እውን ካብዚ ኩርናዕ እዚ ክርእዮ ፈቲነ።

ሃገር ብቁጠባ መሬት ከም ዝዘበጠት ኣሸንኳይ ኣብ ኤርትራ ን28 ዓመታት ዝተቐመጠ ኤርትራዊ እቶም ትማሊ ናይ ኢትዮ-ኤርትራ ናይ ሰላም ስምምዕ ምስ ተኸተመን ዶብ ምስ ተኸፍተን፡ ናይ ኢትዮጵያ ናይ ንግዲ ማሕበረ-ሰብ፡ ኣብ ኤርትራ እንታይ ጸጋታት ኣሎ ክንሰርሓሉ እንኽእል ኢሎም ንኩነታት ኤርትራ ምስ ተዓዘቡ፡ ኣብ ኤርትራ ዓበይቲ ፋብሪካታት ገይርካ፡ እትዋቶ ክርከቦ ከም ዘይክእል ምኽንያቱ ንዝተኸሉዎ ፋብሪካታት፡ ዘስርሕ ብዙሕ ጸጋታት ዓቕሚ-ሰብ፡ ግልጋሎት ናይ ጸዓት፡ ማይ፡ ዘመናዊ መራኽቢ መስመራት፡ ዘይብላ ምኻና ምስ ተዓዘቡ ንባዕላ ህዝባ ብድኽነትን ድሕረትን ዝተንሳቖለ ምኻኑ ምስ ተዓዘቡ ተስፋ ቆሪጾም ዝተመልሱ ብዙሓት እዮም።

እዚ ካኣ እቲ ስርዓት ዝኸተሎ ገባቲ ቁጠባዊ ፖሊሲ፡ ኣሸንኳይዶ ንዐኦም፡ ክንደይ ኤርትራውያን ሰብ ርእሰ-ማል ዓዶም ገዲፎም ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃ ተበቲኖም ተሰዲዶም ርእሰ-ማሎም ኣብኡ ኣፍሲሶም ይሰርሑ ምህላዎም' ተዓዚቦም እዮም።ኣብ ኤርትራ ነጻዕዳጋ ዝባሃል ከም ዘየለ እውን ግንዛበ ወሲዶም እዮም።

እቲ ካልእ ኢሰያስ ብዛዕባ ኣባይቲ ምስራሕን ዘይምስራሕን ዝምድር፡ በየናይ ሰሚንቶም ዚንጎን እዩ ገዛ ዝስራሕ፡ ንክሰርሕ ዝደሊኸ ክሰርሕ ይፍቀድ ዲዩ? ምስኪናይ ተጋዳላይ ካብ ዝኣቱ ኣትሒዙ ከም ጊላ ብጥርሑ እናኣገልገለ፡ ምስ ስድርኡ ከርፋሕ ናብራ'ዶ የሕልፍ የሎን እዩ?፡ መማህራን፡ ሓካይም፡ መሃንድሳት፡ ናይ መንግስቲ ሰራሕተኛታት ዝጠቅም ደመወዝ ጸኒሑዎም ዲዩ ርሁው መነባብሮ ከስተማቕሩ። ን፪፰ ዓመታት ዘይተሰርሐ ዝወደቐት ሃገር ሕጂ ክትስእ ኢያ ኢልካ ዝሕሰብ ኣይኮነን።

ኢሰያስ ኣብ ክንደይ መደረታቱ እዩ ንተጋደልቲ ገዛ ክንሰርሕ ኢና፡ ደመወዝ ሰራሕተኛታት ክመሓየሽ እዩ ወዘተ ብዝብሉ ናይ ሓሶት መብጸዓታት ንህዝቢ ከደንቁሮ ዘይፈተነ? ኣብ ማእቶት ዝዋፈር ዓቕሚ መንእሰይ ወለዶ ብናይ ወፍሪ ዋርሳይ-ይካኣሎ /ወፍሪ ባርነት/ ምስ ኣምኮኖ ከመይ ኢሉ እዩ ሕጂ ተኣምር ክሰርሕ እዩ

ኢሉ ክጽበ፡ ኩሉ ዛሕዛሕ ኢሉ ሃገር ኩቦ ደርብዩላ ናብ ስደት ምስ ወሓዘ። ተኾረሚኻ ሞት ኣሳፊሕካ ሞት ምስ ኮነ እንታይ ጣቋ ኣለዎ ኩሉ ጸጋታት ሃገር ምስ ኣብረሶ፡ ሕጂ ዓንዓ ናይ ሓሶት መብጽዓታት ምድርዳር።

ብሓጺሩ ዘረባ ኢሰያስ ከምቲ "ሓሶትን ስንቅን እናሓደረ ይፎኩስ" ዝብልዎ ምስላ ኣቦታት እናሓደረ ዝፎኩስ ጥራሕ ዘይኮነስ ሕጂ ህዝቢ ዓኽ-ጡፍ ኢሉዎ ከም ክንቲት ፈኹሱ እዩ። ሃገርና ብምውጋዱ ጥራሕ እያ ራህዋ ክትረክብ እትኽእል። ነዚ ኢና ድማ ንሕና እጅጌና ሰብሲብና ቃልስና ከነሐይል ዘለና ዳኣምበር ብኮንቱ መደረ ውልቀ-መላኺ ስርዓት ኢሰያስ ዝደናገር ህዝቢ የለን፡ ህዝቢ ሓንሳብ ወይ ክልተ ግዜ ክደናገር ይኽእል፡ ኩሉ-ሻዕ እናተዳናገረ ዝነብር ህዝቢ ግን የለን።

ብረሃነ ንርኣዮ፡ ከንያ ናይሮቢ፡

ናብ ዝኸበርኩም ኣዳለውቲ መጽሔት ህዝባዊ ደሞክራሲ፡ ሕውነታዊ ሰላምታይ ብምቕዳም፡ እዛ ሓጻር መልእኽተይ እዚኣ ካብ ተሞኩረይ ኣብ ሳዋ ካብ ዝተዓዘብኩዎ ምናልባት ኣብ ንቕሓት ሕብረት-ሰብና ገለ እንተሓገዘት ኢለ ዘዳለኹዋ ኣብ ዓምዲ ደብዳቤታትኩም ከተስፍሩለይ ብትሕትና እሓትት፤

**ሳዋ መሀነጺት መንእሰይ ወለዶ'ዲያ**
**ወይስ መብረሲትን መደንቆሪትን መንእሰይ ወለዶ?**

ኣነ ካብ ስድራ-ቤትና ማለት ካብ ኣርባዕተ ኣሕዋተይ ናይ መጨረሻ ሕሳስ ልደ ገዛና እየ። ሰለስተ ምዕባየይ ኣሕዋተይ እቲ ቦኾሪ ገዛና፡ ብ1977 ናብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ተሰሊፉ፡ ብ1978 ተሰዊኡ። እቶም ምንኣሱ ሓደ ወድን ሓንቲ ምዕባየይ ሓብታይን ብ1980 ናብ ህዝባዊ ግንባር ተሰሊፎም፡ ንሶም'ውን ሓወይ ብ1985 ሓብተይ ካኣ ብ1987 ተሰዊኣ። ኣደይ ካብዞም ንናጽነትን ሓርነትን ህዝቢ ኤርትራ ከቃለሱ ዝወጹ ደቃ ሓደ'ውን እንተኾነ ድሕሪ ናጽነት ከምቶም ዕድል ገይሮም ናብ ወለዶም ክምለሱ ዝኸኣሉ ታጋደልቲ ክትረክብ ዘይምኽኣላ ብዙሕ እነጓሃየት፡ ንዓይ'ውን ትምህርተይ ምስ ጨረሽኩ ናብ ሳዋ ከይወስዱኒ ብዙሕ እናፈርሐትን እናጸለየትን እያ ከተሕልፎ ጸኒሓ። ኣብ ጨረሽትኡ ግን ካብቲ ዝፈርሓቶ ኣየምለጠትን፡ ተገፊፈ ዳኣ ንሳዋ ወረድኩ። ሓደ ወደይ እዩ፡ ሰለስተ ደቀይ ተሰዊአሙኒ እዮም፡ ኣብኡ ካኣ ምዉት እዩ እግዚኣብሄር ፍርሑ ልቕቕዎ እንተበለት መን ክሰምዓ። ጓሂ ወሲኻዳኣ ናብታ ጽምውቲ ገዛና ሓዚና ተመልሰት። እቲ ብርሰት ናይ መንእሰይ ወለዶ ኣብ ሳዋ ካብዚ ዘይቅሱን ሂወት እዚ ንሱ ዝፈጥሮ ስነ-ኣእምራዊ ጭንቀት እዩ ዝጅምር። ኣነ ብዘይዕግበትይ፡ ኣደይ ካኣ ሰለስተ ኣሕዋተይ ተሰዊኦማ እናጓሃየት ትነብር ዝጸንሐት ኣነ ከጸናናዓ ዝጸናሕኩ ተፈልየያ ማዕዶ-ማዕዶ ሰፊርና፡ ኣነ ብዛዕባ ክሻቐል፡ ንሳ ካኣ ብድሓን'ዶ ይምለሰኒ ወይስ ከምቶም ዝሓፉ ኣሕዋቱ ናቱ መስዋእቲ ሎሚ-ጽባሕ እሰምዕ እናበለት እናተሸቐለት ክልቴና ብስነ-ኣእምሮ ኣብ ዘይቀሰንናሉ ከመይ ኢለ እየ ኣነ ኣብ ሳዋ ወታሃደራዊ ታዕሊም ይኹን፡ ካልእ ዝዋሃብ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ ቀሲነ ክከታተል ዝኽእል።

እቲ ካልእ ኩሉ ከማይ ዝኣመሰለ'ውን ተገዲዱ እንተዘይኮይኑ ፈትዩ ዝመጸ ስለ ዘይኮነ፡ ንሱ እውን ከመይ ኢሉ እዩ ቅሱን ኣእምሮ ሃልይዎ ብምሉእ ቀልቡ ነቲ ብስነ-ኣእምሮ ወታሃደራዊ ኣተሓሳስባ ዝተላዕጠጠ ትምህርቲ ክስዕቦ ዝኽእል?። ብመሰረቱ እዚ ቤት ትምህርቲ እዚ ኣገልጋሊ ናይቲ ስርዓት ኰንካ የማነ-ጸጋም ከይበልካ ብላዕሊ ዝመጸካ ትእዛዛት ናይ ውልቀ መለኽቲ ሰባት ክትፍጽምን፡ ኣብ መራሕቲ ውልቃዊ ኣምልኾ ከተሕድር ዝዓለመ እዩ። ሕድሕድ ምክብባርን ህዝባዊ ፍቕርን ናይ ሓፋሽ ህዝቢ ውግንና ሃሉዩካ፡ ብኣካዳምዊ ዓቕምኻ ክትበቅዕ፡ ከም ሃገራዊ ብስነ ዜጋን ስነ-ምግባርን ክትህነጽ፡ ከይተሸማቐቕካ ብናጽነት ሓሳብካ ክትገልጽን ፈታው

ሃገር ኬንካ፡ ኣብ ምህናጽ ደሞክራስያዊት ሃገር ብኩሉ መዳይ ዝማዕበለ ሕብረት-ሰብ ኣብ ምርግጋጽ፡ ተራኻ ክትጻወት ክም ዘለካ ኣይኮኑን ዝምልሙሉኻ።

ኣብዚ ቤት-ትምህርቲ እዚ ወታሃደራዊ ስነ-ስርዓት ክኸብር ኣለዎ ተባሂሉ፡ ኣብ ልዕሊ ተማሃሮ ዝወርድ ግፍዕታት ብዙሕ እዩ። እቲ ኣብኡ ዝወሃብ ወታሃደራዊ ትምህርቲ ክትጅምር ከለኻ፡ ብዘርዕድ ኣቀራርባ ብዘይንቡር ድምጽን "ኣብሩኹ" እንዳበሉኻ ተዳሂልካን ሸቑጥቆጥ ኢልካ ከይፌተኻ ርዒድካ እትቕበሎ ኮይኑ፡ እቲ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ካኣ ሕሉፍ ታሪኽ እናደጋገምካ ጸቢብን ትምክሕታውን ኣተሓሳስባታት ናይ ህዝባዊ ግንባር ታሪኽ ኣጕሊሁ ልዕልንኡ ብምርግጋጽ ዝጃሃርን፡ ንስኻ'ውን ኣብቲ ሕሉፍ ታሪኽ ዳኣ'ምበር ሕጂ እንታይ ንገብር ኣለና ብትኽክል ዘይርኢ፡ ካብ ህዝባዊ ግንባር/ ህግደፍ ወጻኢ ኣብ ሃገርና ኣማራጺ ውድብ ይኹን መንግስቲ ክመርሕ ዝኽእል ከም ዘየለ ፈሪሕካ ክትቕበሎ እዩ ደጋጊሞም ዝሰብኩ።

ሰብ ሽግር ከይመጸኒ ኢሉ ፍሪሑ ምስ ብዙሕ ሽግራቱን ትዕዝብትታቱን ሰጥ-ለበጥ ኢሉ ዝበልዎ እናሰምዐን እናፈጸመን እንከሎ እዩ ክትሃድሙ ተመሳጢርኩም፡ ወታሃደራዊ ሕጋጋት ክዘልቕ ገይርኩም፡ ከይሓመምኩም ሓሚምና ኢልኩም ካብ ናይ እግሪ ጉዕዞ ክትበኾሩ ብሓሶት ምኽንያታት ተብዝሑ፡ ብውሽጢ ውሽጢ ራሽን ይውሕደና ኣሎ ኢልኩም ተሕሸኽሸኹ ምልዕዓል ትገብሩ ምኽንያታት ብምምጻእ ዘይንቡር መቕጻዕትን ስቕያትን ክሳብ ኣካል ምጕዳል ዘጋጥመሉ ግዝያት ውሑድ ኣይኮነን።

ብፍላይ እቲ ኣብ ልዕሊ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ርእሲ እቲ ከም ሰበን ዝበጽሐን ሽግራት፡ ፈሪሐን ክዛረባሉ ዘይክእላ ኣብ ርእሲኣን ዘፍጸም ዓመጽ ጸጉረን ምቝራጽ፡ ርእሰን ምልጻይ፡ ምስ ናይ ባህርዊ ተፈጥረአን እናተሳቐያ ኣብ ብርቱዕ ሃሩር ዘለዎ ቦታታት ኣብ ሩባ ከዝሕፉወንን ከሳቕይወንን ክትርኢ እንከለኻ ሂወትካ የጽላኣካ። ኣብ ኣሃዱታት ክምድብወን እከለዉ ካኣ፡ ናበይን ከመይን ይምድቡወን ምሰ ሓለፍቲ ክፍለ-ሰራዊታት ተመሳጢሮም ንክብረን ዝትንክፍ መርወይቲ ጾታዊ ስምዒታቶምን ከደምቶምን ኮይነን ኣብ ዘይተደላዪ ጥንስን ሕርስን ዝወድቃ ብዙሓት እየን።

እቲ ዘገርም እዚ ናይ ታዕሊም ቦታ'ዚ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ተጠናቕቐሉን ናብ ዩኒቨርስቲ መሕለፊ ነጥቢ እንተኣምጺእካ እቶም ዝሓለፉ ናብ ዩኒቨርስቲ ዝሰጋገርሉ ቦታ ተባሂሉ ብስም ሃገራዊ ኣገልግሎት ግቡእካ ክትፍጽም ንሓጺር እዋን እንከላይ ወታሃደራዊ ትምህርቲ ትወስደሉ ተባሂሉ ከም ዝቖመ እዩ ዝፍለጥ። ኮይኑ ግን ብዝያዳ ዕላምኡ ነቲ መንእሰይ ወለዶ ብጸቢብ ወታሃደራዊ ኣተሓሳስባ ኢንዶክትረነይት ንምግባር ዝተሃንደሰ ምኽኑ ዘርእየካ፡ መጀመርያ ናብቲ ቤት-ትምህርቲ ሳዋ ኣብቲ መዓስከር ቅድሚ ምብጻሕካ ብዓቢ ታቤላ ዝተጻሕፈ "መሰልጠኒ ሰራዊት ምክልኻል ኤርትራ" ዝብል ትረክብ። ጽንሕ ኢልካ ናብ ውሽጢ ምስ ኣተኻ ካኣ፡ ካብታ ዝቐደመት ታቤላ ንእስ ዝበለት ኣብ ውሽጢ ተሸጕጣ "ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ ይካኣሎ" ዝብል ታቤላ ትረክብ። ስለዚ እቲ ስርዓት ነዚ ቤት-ትምህርቲ እዚ ቀንዲ ዕላምኡ ናይ ሰራዊት ወታሃደራዊ መሰልጠኒ ዳኣምበር ምስ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ ተኣሳሲሩ ክሰርሕ ዝብል ሓሳብ ከም ሸፋን ሜላ ገይሩ ዝወሰዶ ምኽኑ እዩ ዘመላኽተካ።

ኣነ እዚ ኩሉ እናተዓዘብኩ ምስ ከድኩ እቲ ናይ ታዕሊም መደብ ምስ ወዳእኩ፡ ኣብታ ዝተመደብኩላ ኣሃዱ ምስ ኣተኹ፡ እዚ ስርዓት እዚ ነዚ መንእሰይ ወለዶ ብዘይጭበጥ ናይ ሓሶት መብጸዓታትን መነፋሓትን እናተጠቐመ ከደንቁሮን መጻኢ ዕድሉ ከጸልምቶን ከብርሶን እንተዘይኮይኑ ክሃንጾ ኣይክእልን እዩ ኢለ ምስ ደምደምኩ፡ ኣብኡ ኮይነ ብዝትፈላለየ ጥበብ ክቃለሶ ዝግባኣኒ እኳ እንተነበረ፡ ተስፉ ቆሪጸ ናብ ሱዳን ምስ ሰለስተ ብጾተይ ኣብ ታዕሊም ኣብ ሓንቲ ጋንታ ዝነበርና፡ ኣምሊጥና ሱዳን ምስ ኣቶና ብዙሕ ከይጸናሕና ናብ ግብጺ፡ ካብኡ ካኣ ናብ ግሪኽ ኣተና። ሕጂ ኮይነ ክርእዮ እንከለኹ፡ እዚ ኩሉ ሓሳረ-መከራ ሂወት ናይዚ ቤት-ትምህርቲ ኣበስኡ ነቶም ብትእዛዝ ክምህሩ ዝተመዘዙ መማህራን ኣማሓደርትን ዋላ እኳ ንሶም ከም ዜጋታት ክጻወትዎ ዝኽእሉ ተራ እንተሃለወ፡ ብወሳኒነትስ እቲ ሓላፍነት ንዐኦም ጥራሕ እተሸክሞም ኣይኮነን።

ኣብ ሃገርና ሰብኣውን ደሞክራስውን መሰላት ዜጋታት ዘየኽብር ሕገ-መንግስቲ ዘየብሉ ዲክታቶርዊ ስርዓት ክሳብ ዝሃለወ፡ ከመይ ኢሉ እዩ መንእሰይ ወለዶ ኣብ ፖለቲካውን ማሕበረ-ቁጠባውን ባህላውን ጉዳያት ሃገሩ ንጡፍ ተራ ክጻወት ዝኽእል፡ ኣብ ህንጸት ደሞክራስን ጠውይ ስርዓት-ምሕደራን ዝቃለሱ ብቑዓት ዜጋታት ንምፍራይ ክጽዕት ኣለዎ ኢልካ ክትዛረብ እትኽእል። ከምዚ ዝኣመሰለ ጸረ-ህዝቢ ስርዓት ኣብ ሳዋ ይኹን ኣብ መላእ ሃገር ብቑዕ ዜጋ ክምልምል ትጽቢት ትገብረሉ ኣይኮነን።

ብብልሽውና ዝተበላሸወ ስርዓት ህግደፍ ቅርጻ ኣወዳድብኡን ኣሰራርሕኡን ብሓፈሻ መርህኡ፡ ኣብ ሳዋ ይኹን ኣብ ካልእ ትካላቱ ናቱ ቅዳሕ ዳኣምበር ካብኡ ወጻኢ ክኾኑ ስለ ዘይክእሉ ኣማሓደርቲ ይኹኑ መማህራን ሳዋ ካብዚ ዝተፈልየ ንዕቤት ሕብረተ-ሰብና ዝጠቅም መርሆን ኣሰራርሓን ክህልዎም ኣይክእልን እዩ። ስለ ዝኾነ ካኣ ሳዋ ኣማን ብኣማን መደንቆሪትን መብረሲትን መንእሰይ ወለዶ ዳኣምበር መህነጺት ከም ዘይኮነት ተረዲአ ኣብ ስደት ንስርዓት ህግደፍ ይኣክል ይብል ኣለኹ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ውድቀቱ ክቀላጠፍ ኣብ ጎኒ ሓፋሽ ህዝበይ ኮይነ ምስ ብጾተይ ብሕራነ እቃለስ ኣለኹ።

ብንያም ምሕረትኣብ፡ ግሪኽ

ናብ ዝኸበርኩም ኣዳለውቲ መጽሔት ህዝባዊ ደሞክራሲ፡ ሰናይ ሰላምታይ ብምቕዳም፡ ኣብ ኩነታት ጥዕናኹምን ስራሓትኩምን ምልኣትን ኣሳልጦን ክህልወኩም እናተመነኹ፡ ንጸረ ህዝብታትን ደሞክራስን ዝኾነ ተግባራት ናይ ህግደፍ እትጠቅስ ንእሽቶ ጽሕፍቲ እሰደልኩም ኣለኹ'ሞ ፈቓድኩም ኮይኑ ኣብ ናይ ኣንበብቲ ዓምዲ መጽሔትኩም ከተስፍሩለይ እላበወኩም።

## መንግስቲ ህግደፍን ደቀ-መዛምርቱ ዝኾኑ ሓይልታትን፡ ጸላእቲ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን እዮም፡

መንግስቲ ህግደፍ ጸረ ህዝብን ጸረ ደሞክራስን ሰላምን ምዃኑ ዝጠራጠር ናይ ከባቢና ህዝቢ ዘሎ ኣይመስለንን፡ ፡ ምኽንያቱ ጉጅለ ህግደፍ ንኣስፋሕፋሕን ገባትን ባህርያቱን ጠቕሙን ክብል፡ ናብ ልዕሊ ህዝብታትናን ሃገርናን ዘካይዶም ወጽዓታትን ሕሰማትን ሓሊፉ፡ ናብ ናይ ከባቢና ሃገራትን ህዝብታትን ናይ ዓመጽን ጐነጽን ኣገባብ ብምኽታል እናኣካየዶም ዝመጸ ጸረ ሰላምን ሕውነትን፡ ሓቢርካ ምንባርን፡ ተደጋጊፍካ ምጥቃምን ምዕባይን ዝኾኑ ናብ ልዕሊ የመን፡ ሱዳን፡ ጁቡትን፡ ኢትዮጵያን ዘካዶም ናይ ዓመጽን ጎነጽን ኣዕነውቲ ተግባራት፡ ዘስዓብዎ ከቢድ ዝርገተ-ሰላምን ዘይምርግጋእን ናይ ሰብ-ሂወት ምጥፋእን ስንክልናን፡ ከቢድ ቁጠባዊ ብርሰትን ህማኹን ዝሓደጉዎም ዝተፈላለዩ በሰላታት ብቐሊሉ ዝግመቱን ዝርስዑን ስለ ዘይኮኑ።

እዚ ኣዕናዊ ተግባራት'ዚ፡ ካብ ጸረ ሰብኣውን ደሞክራስን መሰላት ናይ ደቂ-ሰባት ዝኾነ፡ ናይ ጭፍራ ህግድፍ ሕማቕ ባህርን ኣተሓሳስባን ገባቲ ድሌትን ዝብገስ እዩ። እዞም ናይ ጭፍለቓን ግህሰትን ዓመጽን ኣዕነውቲ ተግባራት እዚኣቶም ናብ ልዕሊ ብሄራትን በሄረ-ሰባትን /ህዝብታት/ ኤርትራ ዝጀመሩን ኣድማዕም እናዓሞቐን እናሰፍሐን ብመስርሕ ናብ ኩሎም ብምልክዓ ምድራዊ ዝዳወቡናን ዝመሓዘዉና ኣሕዋት ህዝብታትን ሃገራትን እናተላብዑ፡ ጉድኣቶም እናሰፍሐን እናዓሞቐን ዝመጸን ገና ደመና ጉድኣቱ ዘይለገሰን ዘንጸላሉ ዘሎን ኣሉታዊ ተርእዮ እዩ።

እቲ ወድዕነት ህያው ብምዃኑ እዩ ድማ፡ ጭፍራ ህግደፍ ናይ ባህርን እምነትን ጉዳይ ኮይኑዎ፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ነዚ ኣብ ኢትዮጵያ ተፈጢሩ ዘሎ ፖለቲካዊ ጸገማት፡ ንክገብሮ ዝደሊ ሽርሒታት ከም ጽቡቕ ዕድልን

ኣጋጣምን ብምውሳድ ብዘገርምን ዘተዓዛዝብን ኣበሃህላ፡ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ጠንቂ ናይዚ ፖለቲካዊ ጸገማት'ዚ፡ ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን /ህዝብታት/ መሰረት ዝገበረ ፌደራላዊ ስርዓት-ምሕደራ ብምምስራቱ ዝኸሰት ዘሎ ገይሩ ገሊጹዎ። ኢትዮጵያ ካብ ኣጋጢሙዋ ዘሎ ሽግራት ንምድሓን ክካኣል ድማ፡ ምስቲ ነዚ ኣብ ብሄር ዝተሰረተ ፌደራላዊ ስርዓት ንምልዋጥ ተበግሶ ወሲዱ ይቃለስ ኣሎ ዝበሎ ሓይሊ ብምሽራኽ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ኢትዮጵያ ብስም "ይምልከተኒ እዩ" ዝብል ዘራጊ ፖለቲካዊ ግንዛበ፡ ኢዱ ብምእታው ክሰርሕ ም'ኻኑ ብወግዒ ገሊጹ እዩ። እዚ ማለት ካኣ ናይ ሃገረ-ኢትዮጵያን ህዝብታታን ልኡላውነትን ክብርን ብምግሃስ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያን ህዝብታታን ናይ ፖለቲካዊ ዝርገትን ዕንወትን ዕማማት ከካይድ መደባት ከም ዘለዎ ኢሰያስ ኣብ ዝሓለፈ ግዜ ንሕብረተ-ሰብ ዓለም ብወግዒ ኣፈሊጡዎ እዩ።

ጭፍራ ህግደፍ ኣብዚ ግዜ'ዚ ነዚ ዝሓልሞን ዝጉምዙወሉን ዘሎ ናይ ዕንወትን ዝርገትን ተግባራት'ዚ ንምፍጻም ዘኽእል ዓቕምን ተኽሎን ኣለዎ ዲዩ? እንተተባሂሉ ብወገነይ የብሉን በሃላይ እየ። ርእይትኡን ሕልሙን ግን፡ ምድኻም ናይ ኢትዮጵያ ንምርኣይን ካብ ድኽመታ ኩሉ-መዳያዊ ረብሓ ንምርካብን፡ንብለል ናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ ናይ ም'ኻን ሕልሙ ንምዕዋትን ብኡ መሰረት ዝና ንምርካብን እዩ።

መንግስቲ ህግደፍ እከይ ዕላምኡን ሕልምታቱን ናይ ምትግባር ዓቕምን ተኽእሎን ዋላ ኣይሃልዎ፡ ባህርያቱን ዕላምኡን ብጥንቃቐ ክምዘን እንከሎ ግን፡ ኣብ ኢትዮጵያ ዝረአ ዘሎ ፖለቲካዊ ጸገማት ብሰላምን ሰላማዊ ኣገባብን መፍትሒ ንክይረክብ ንምሕንካር ዝዓለመ ስለ ዝኾነ፡ ንክልቲኦም ኣሕዋት ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ብተግባርን ብሓሳብን ናይ ሓባር ጸላኢ እዩ። ስለ ዝኾነ ክልቲኦም ኣሕዋት ህዝብታት ሰላሞም፡ ሕውነታዊ ዝምድነኦምን ውሑስ ብምግባር፡ ተኣማሚኖምን ተደጋጊፎምን ናይ ምንባርን፡ ሓቢሮም ናይ ምጥቃምን ምዕባይን ዕድሎም ንምርግጋጽ ክብሉ፡ ንህግደፍን ደቀ-መዛምርቱን ዝኾኑ ናይ ኢትዮጵያ ሓይልታት ትምክሕትን ቀላጽሞም ኣስሚሮም ንምውጋዶም ክቃለሱ ኣገዳስን ግድነትን እዩ ዝመስለኒ።

እዚ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ናይ ክልቲኦም ኣሕዋት ህዝብታትና፡ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላትን ክብርታትን ዘይኣምኑ ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ካኣ ናይ ኤርትራ ልዑላወነት ዘይቅበሉን ዘየኽብሩን፡ ናይ ኤርትራ ባሕርን ወደባትን ዝምነዩ፡ ተረፍ-መረፍ ናይቶም ኣብ ታሪኽ ብክልቲኦም ህዝብታት ዝተሳዕሩ ገዛእቲ ደርብታት ኢትዮጵያ ዝኾኑን፡ ኣብ ምጥጣዕ ዝርከቡ ዘለዉ ሓደስቲ ደርብታትን፡ ናይ ምስፍሕፋሕ ዕላማን ትምክሕታዊ ኣታሓሳስባን ዘለዎም ውልቀ ኢትዮጲያውያንን፡ ኣብ ኤርትራ ብሰንኪ ኣረሜናዊ መንግስቲ ህግደፍ ተኸሲቱ ዘሎ ዝተፈላለየ ጸገማት ከም ጽቡቕ ኣጋጣሚ ገይሮም ብምውሳድ ኤርትራን ህዝባን ብዝኾነ ኣገባብ ናብ ኢትዮጵያ ብምጽንባር ክጥቀሙ ዝደልዩ ሕማቓት ሓይልታት ናይ ግዜ ጉዳይ እንተዘይኮይኑ ንክልቲኦም ህዝብታት ናብቲ ሕሉፍ ደግሲ ኣዕናዊ ወግኣት ናይ ምምላስ ባህረን ኣተሓሳስባ ዘውንኑ ስለ ዝኾኑ ብኣግኡ ኣነጺርና ክንፈልጦምን ክንቃለሶምን እዩ ዝግበኣና ብሃላይ እየ።

በቲ ካልእ ገጽ ድማ ኣብ ክልቲኦም ህዝብታት ዘሎ ትሑት ፖለቲካዊ ንቕሓት ዝመበገሲኡ /ናይ ኣየነኦም ይዓቢ ብዘየገድስ/ ብህግደፍን ትምክሕተኛታት ሓይልታት ኢትዮጵያን፡ ኮነ ተባሂሉ እናተኾስኮሰ ዝመጸን ዝቕጽል ዘሎን ድሑር ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባታት፡ ኣብ ሞንጎ ሓፋሽ ህዝብታትን ገዛእቲ ደርብታትን /ፈተውትን ጸላእትን/ ዘሎ ናይ ኣተሓሳስባን ዕላማን ፍልልይ ኣብ ምግንዛብ መሰረታዊ ፖለቲካዊ ጉድለታት ህልዊ ስለ ዝኾነ፡ እዚ ካኣ ንትምክሕተኛታትን ጸበብትን ናይ ክልቲኣን ሃገራት ሓይልታት ጠቒሙ ንክልቲኦም ህዝብታት ስለ ዝጎድእ፡ ኩሎም ወገንን ተቖርቆርትን ናይ ክልቲኡ ህዝብታት ዝኾኑ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ሓርበኛዊ ሓልታት ንምውጋዱ ክቃለሱልን ከቃልስሉን ዘሎዎም ኣገዳሲ ናይ ቃልሲ ውራይ እዩ ዝመስለኒ።

ምስዚ ኣዛሚደ ክይጠቐስኩዎ ክሓልፍ ዘይደሊ ነጥቢ እንተሃለወ፡ ኣብ ናይ ክልቲኦም ህዝብታት /ኤርትራን ኢትዮጵያን/ ሕውነትን ዝምድናን ኣመልኪቱ ብገለ ኣሕዋትናን ፈተውትናን ኢትዮጵያውያን ተደጋጊሙ ዝወሃብ መግለጺ፡ ሓፈሻዊ ትሕዝትኡን መንፈሱን ክርአ እንከሎ ጽቡቕን ዝድገፍን ከይኑ፡ ግን ካኣ ክስተኻኸል ዘለዎ ነጥቢ ዝሓዘለ እዩ። ንሱ ካኣ "ሓደ ህዝቢ ኣብ ክልተ ሃገራት ዝነብር" ዝብል ኣገላልጻ፡ ምስ ታሪኻዊ ኣተሃላልዋን ማሕበራዊ ኣከናውና ናይ ክልቲኦም ሃገራት ህዝብታት ዘይሳነን ብልክዕ ዘይገልጽን ስለ ዝኾነን፡

ብአንጻሩ ነገራት ክደዋወሱን ልክዕ ዝኾነ ተረድኦን ኣፍልጦን ከይተሓዝ፡ ናይ ምጥርጣር መንፈሳት ክፈጥር ዝኽእልን ስለ ዝኾነ፡ ክስተኻኸል ዘለዎ ኣገላልጻ እዩ እብል። ምኽንያቱ ኣብ ኤርትራ ሓደ ብሄር ጥራሕ ዘይኮነስ ልዕሊ ትሻዓተ ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን /ህዝብታት/ ኣብ ኢትዮጵያ ድማ፡ ልዕሊ ሰመንያ ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን /ህዝብታት/ ብጭቡጥ ዝርከቡ እናሃለዉ "ሓደ ህዝቢ ኣብ ክልተ ሃገራት ዝነብር" ተባሂሉ ክግለጽ ወድዓውን ቅኑዕን ኣይኮነን።

ኣብ መወዳእታ፡ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ካብ ተጓራበትቲ ህዝብታት ምኻን ሓሊፎም፡ ብታሪኽ፡ ዝተፈላለዩ እምነታትን ማሕበራዊ ክብርታትን ዝዛመዱን ዝመሳሰሉን ኣሕዋት ህዝብታት ስለ ዝኾኑ፡ ነዞም ዘመሳስሉዎምን ሓደ ዝገብርዎምን ክብርታት እዚኣቶም ዓቂቦም፡ ኣንጻር ናይ ሓባር ዘቤታውንን ግዳማውንን ጸላእቶም እናተቓለሱ፡ ኣብ ሞንጎኦም ናይ ምትእምማንን ምድግጋፍን ፖለቲካዊ ባህሊ ክሰፍን፡ ናይ ነፍስ-ወከፍ ህዝብታት ሃገራዊ ነጻነትን ልዑላውነትን ተኸቢሩን ተዓቂቡን፡ ሓቢሮም ዝዓብዩሉ ርሁው ኩነታት ንምጭባጥ ሓቢርና ንቃለስ ብምባል ሓሳበይ ኣብዚ እድምድም።

ገብረዝጊ ሃብታይ፡ ካናዳ ቶሮንቶ

# ዓወት ንሓርነታዊ ቃልስና!